# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 341 07 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሓሙስ



ገጽ 3
ብዘካ ርእሶማልነት ዘይንገሩ 23 ሓቅታት



ገጽ 4
ጽባቐ ኣበይ ኣሎ?



ገጽ 5
እታ ምክሕቲ

ገጽ 8
ንጨረታ ዝቐርብ ዘሎ ናይ ወርሒ እምኒ



ገጽ 11
ሮጀርስ ንቕዲ ሻን ሃል ከም ዝጥቀም ሓቢሩ




# ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታቱ ተዋፊሮም ግብራዊ ትምህርቲ ክቐስሙ ንዝጸንሑ 185 መንእሰያት ኣመረቐ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ክልሱ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ድሕሪ ምውሳድ - ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈቱን ኣብ ዞባታት ኣብ ዝርከብ ጨናፍሩን ተዋፊሮም ንልዕሊ ሓደ ዓመት ግብራዊ ትምህርቲ ክቐስሙ ንዝጸንሑ 185 መንእሰያት፡ ብ6 ነሓሰ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ኣመረቐ።

እቶም ብሰርቲፊኬት ዝተመረቑ መንእሰያት፡ ብሓፈሻኡ ብሞያ ጋዜጠኛነት፡ ብቐንዱ ድማ ብምምእራርን ምስራሕን ዜናታት፡ ምስንዳእ ጽሑፋት፡ ድሩቕን ተንቀሳቓስን ስእሊን ስሩዓን ዝሰልጠኑ'ዮም።

ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዳይረክተር ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ርእሶም ፍስሃየ ንተመረቕቲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝቐሰምዎ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ብኸኡት ዓቕሚ-ሰብ ንምውጋድ ብዝገብሮ ባጀት ዘሰላስሎ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ግብራዊ ትምህርቲ ተዋፊሮም ኣብ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ ሚኒስትሪ ዜና ንዘበርክትዎ ኣበርክቶ ብስም ሚኒስትሪ ምስጋና ኣቕሪቡ።

"ዝዓበየን ቀንደን ቤት-ትምህርቲ ስራሕ'ዩ" ዝበሉ ኣቶ ርእሶም፡ ዝ. ሓቂ'ዚ ተገንዚቦም፡ ንዝተመደብሉ ቦታ ስራሕ ከም ቤት-ትምህርቲ ወሲዶም፡ ካብ ኣባላት መሳርሕቶም እቲ ዝደለ ብቕዓት ክድልቡ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ምስ እዋናዊ ምዕባለ ንዘሰጉም ሰፊሕ ዕድላት ናይ ሞያን ሪብሓታት ትምህርትን ንምምዝማዝ፡ ትግሃትን ተገዳስነትን ከዕብዩ ተላብዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዳይረክተር ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ስብሃቱ ክፍለ ብወገኑ፡ 153 ደቂ ተባዕትዮን 32 ደቂ ኣንስትዮን ተመረቕቲ፡ ነቲ ኣቐዲሞም ዝወሰድዎ ክልሱ-ሓሳባዊ ስልጠና፡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ዜና ተዋፊሮም ብግብራዊ ስልጠና ኣብ ምድራዕ ዝጸንሑ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ኣብ ዜናዊ ንጥፈታትን ካልእ ተልእኾ ናይቲ ሚኒስትሪን ዘይሃኣቕ ኣበርክቶ ከም ዝገበሩ ሓቢሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ተመኩሮኦም ዘካፈሉ ምሩቓት፡ ንግብራዊ ትምህርቲ ተዋፊሮም ኣብ ዝጸንሑሉ ግዜ፡ ካብ ፍልጠትን ተመኩሮ ስራሕን ናይ ቀረባ ሓለፍቶምን መሳርሕቶምን ብዙሕ ከም ዝቐሰሙ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ዜና ሞያዊ ትምህርቲ ናይ ምሃብ ንጥፍታቱ ብዝሓየለ ክቕጽሎ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ምሩቓት፡ ካብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ወጻኢ ኣቶ መኩርያ ወልዱን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ተሌቪዥን ኣቶ ኣስመላሽ ኣብርሃን ሰርትፊኬት ተቐቢሎም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባታት ዝርከቡ ወኪላት ኣገልግሎት ዜና፡ ናይ ሽድሽተ ወርሒ ንጥፈታቶም ብምግምጋም፡ ንዝመጽእ ካልኣይ መንፈቕ ናይ ስራሕ መደብት ሓንጺጾም።

ኣብቲ ብ5 ነሓሰ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና ዝተቓነየ ኣኼባ፡ እቶም ወኪላት ምስ ናይ ቀረባ መሻርኽቶም ዝኾና ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ዜና ዝጸንሖም ናይ ስራሕ ዝምድና ኣብ ዘዕዘዙ ውጥናት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ብዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ኣብ ምሕያል ዕለታዊ ንጥፈታቶም ዝሕግዙ መግለጺታት ተዋሂብዎም።



# ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ወሳኒ ከምዝኾነ ተገሊጹ

ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ዝካየድ ጻዕሪ ንምዕዋት፡ ኩሉ-ኹሉ'ቶም ብትካላት ጥዕና ዝካየዱ ናይ ፍወሳን ምክልኻልን ንጥፈታት፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ምዕባይ'ውን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክሰርሓሉ ከምዝዀነ፡ ንበርቲ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ተገሊጹ።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ሻምብቆ ነርስ ሃይለ ኣብርሃም ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቱ፡ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ዘካየዶም ዘሎ መሪብሒ ጣንጡ ናይ ምጥፋእ ዘመተ ብዘለዓለ ክደፍኣሉ ብምዝኽኻር፡ ሜሊታት ምክልኻል ብግቡእ ክሰላሰሉ ዝሕግዙ ኣስተምህሮታት ብቐጻሊ ምኽያድ፡ ኣብ ምቁጽጻር ናይቲ ሕማም ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል ከምዝኾነ፡ ዝ. ንምትግባር ድማ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ኣፈወርቂ ኣርኣያ ብወገኑ፡ ቡብእዋኑ ክካየዱ ዝጸንሑ ኣስተምህሮታትን ኈስጓሳትን ኣብ ምዕባይ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዓቢ ተራ ከምእተጻወቱ ብምጥቃስ፡ ምስ ምእታው ክረምቲ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ክዛይድ ስለዝኽእል፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝካየድ ጻዕሪ፡ ህዝቢ ናይ ምክልኻል ሜሊታቱ ከሐይል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ኈስጓስን ሓበሬታን ኣቶ ሱልጣን ሓጎስ ብወገኑ፡ ምልክታት ሕማም ዓሶ ዝተሰምዖ ሰብ ብቕልጡፍ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ክገብር ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ተስፋይ ባይራይ ድማ፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ንምዕባይ ክካየዱ ዝጸንሑ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ብዝተወደበ መልክዕ ክድፋኣሉ ምዃኑ ኣረዲኡ።

# ዞባ ዓንሰባ፡ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ኣብ ምውሓስ ድሕነት ኣደን ህጻንን ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ኣብ ምውሓስ ድሕነት ኣደን ህጻንን ክዓዝዝ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ኣወሃሃዲ ጥዕና ፍርያምነት ኣቶ ተኽለ ተስፋማርያም፡ ንበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ኣመሓደርቲ ከባቢታት ግላስ፡ ኢዳምርን እንጭናቕን፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ጥዕና ዓዲ፡ ሰብ ሞያ ጥዕናን ካልኦት ዕዱማትን ዝተረኽብሉ ሰሚናር፡ ሳላ ዝተኻየደ ኣስተምህሮታትን ጎስጓሳትን ቀጻሊ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝገላገላ ነፍሰጾራት ዝምስገን ለውጢ ከምዝመዝገበ ዝገለጸ ኣቶ ተኽለ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኢዳምርን ክርመድን ብሰንኪ ርሕቀት ዘይምጥርናፍ ዓድታት፡ ሕጽረት መጓዓዝያን ካልእን ከምቲ ዝደለ ይስገም ስለዘየለ፡ ነዚ ንምብዳህ ተራ ኣመሓደርትን ነበርትን ወሳኒ ምዃኑ ኣጺሩ።

ኣቶ ተኽለ ቀጺሉ፡ ዝበዝሐ ጠንቂ ሞት ኣደ - ብርቱዕ መድመይቲ፡ ረኽሲ፡ ዘይውሑስ ምንጻል ጥንሲ፡ ጥንሲ ዝማበሰሉ ልዑል ጸቕጢ ደምን ዕንቅፋት ሕርሲን ስለዝኾነ፡ ሞትን ስንክልናን ኣዴታት ንምጉዳል ፍቱን ስትራተጂ ድሕነት ደሙ፡ ብመደብ ምውላድ፡ ክንክን ቅድመን ድሕርን ሕርሲን ውሑስ ጥንሲን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

“ድሕነት ኣደ ድሕነት ሕብረተሰብ'ዩ” ዝበለ ኣቶ ተኽለ፡ ዘይምጥርናፍ ዓድታት፡ ኣብ ገዛን ትካላት ጥዕናን ዝርአ ምድንጓያት፡ ዘይጥጡሕ መገድን ሕጽረት መጓዓዝያን ኣብ ሞት ነፍሰጾራት ተራ ዘለዎ ረቛሒታት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ተኽለ፡ ዚ. ጸገማት'ዚ. ንምቅላስን ንምብዳህን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ፡ ጻዕርታቶም ክሐይሉ፡ እዚ ድማ ብሃገር ደረጃ ክብጻሕ ተወጢኑ ዘሎ መደብ ኣብ ምዕዋትን ጥዕንኡ ዝተረጋገጸ ሕብረተሰብ ኣብ ምውናንን ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

ሓላፊት መደበር ጥዕና ግላስ ሰስተር ኤልሳ ሕድሮም ብወገና፡ ሳላ ዝተኻየደ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ተረኺቦ ሕማማት ብሓፈሻ ከምዝጎደለ ብምሕባር፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኢዳምር ኣገዳስነት ጥርናፈ ተገንዚቦም ተጠቃምነቶም ኣብ ትካላት ጥዕና ከዕብዩ ብምምሕጻን፡ እታ መደበር ጥዕና ዝተማልአ መሳርሒታትን መጸበዪ ሓራሳትን ተዋዲዳ ከምዘላ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 6 ኣዋርሕ 80 ነፍሰጾራት ኣብታ ትካል ከምእተገላገላ ሓቢራ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ወይዘሮ ኣምና ሓጂ ብወገና፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ኩሉ ከባቢታት ትካላት ጥዕናን ሰብ ሞያን ኣዋዲዱ ግቡእ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምውሓስ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣፍልጦኡን ንቕሓቱን ብምዕባይ ኣበርክቶኡ ክዕዝዝ ከምዝግባእ ገሊጻ።

ተሳቲፍቲ ብወገኖም፡ መንግስቲ ድሕነት ዜጋታት ንምውሓስ ብቐንዱ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ከባቢታትን ንዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ወፍሪ ብምምስጋን፡ ዘይምጥርናፍ ነበርቲ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ተጠቃምነት ትካላት ጥዕናን ጸገማት ይኸናም ከምዘሎ ጠቒሶም፡ ህላወ ጥዕና ዘለዎ ስድራቤት ንምርግጋጽ፡ ኣዴታት ኣብ ትካል ጥዕና ክገላገላ ከተባብዑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ደቀምሓረ፡ ብወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ

ኣስታት 500 ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ካብ 7 ሓምለ ጀሚሮም ሓመድን ማይን ንምዕቃብ ዘሰላስልዎ ዘለዉ ዛላታትን ከትርታትን ናይ ምስራሕ ንጥፈታት፡ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ፡ ወኪል ኤረና ካብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።

ካብ ኣለይቲ ተመሃሮ - መምህር ዑቕባሚካኤል ካሕሳይ ነቲ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዛጊት ብቶም ተመሃሮ ንዝተሳለጠ ስራሕ ዘለዎ ኣድናቖት ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ንዘርእይዎ ዘለዉ ህርኩትናን ተወፋይነትን መጕሱ።

ክኢላ ምግራብ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ ናይ ለሚ ዓመት ክረምታዊ ማእቶት፡ ማይን ሓመድን ኣብ ምዕቃብ ዘተኩረ ስራሕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ንሓደጋ ናይቲ ዓቢ ጋህሲ ፈጢሩ ዘሎ ሩባ ከተማ ደቀምሓረ ንምግታእ ንዝህልዉ ዘሎ ዓበይቲ ከትርታት ውሕጅ ንኸይደፍኦ ሓገዝ ከምዝኾነውን ኣብሪሁ።

ኣቶ እድሪስ ኣስዒቡ፡ ተመሃሮ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስታት 30 ኪሎሜተር ዝኸውን ዛላታትን ከትርታትን ብምስራሖም፡ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ናይ ዝተመደበሎም ስራሕ ከምዘዘዘሙ ኣጺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ክረምታዊ ማእቶት ናይ ስራሕ ልምዲ ኣብ ምኹስኳስን ሓድሕዳዊ ሌላ ኣብ ምፍጣርን ምሕያልን ሓጊዙ ተራ ከምዘለዎ ገሊጾም።

ሓላፊት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ወይዘሮ ርግበ ክፍለ ብወገና፡ እቲ ብተሳተፍቲ ክረምታዊ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ዝሰላሰል ዘሎ ከትርታትን ዛላታትን፡ መሬት ኣብ ምርጋእን ከባቢ ኣብ ምልማዕን ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኣገዳስነቱ ዓቢ ምዃኑ ገሊጻ።

# ኣብ ከተማ ሓጋዝ ዝርከቡ ሞያውያን መንእሰያት፡ ተዋፊሮምሉ ዘለዉ ዕማም ባህሊ ስራሕ ዝኹስኩስን መጻኢኦም ዘብርህን ከምዝኾነ ሓቢሮም

ኣብ ከተማ ሓጋዝ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝርከቡ ሞያውያን መንእሰያት፡ ተዋፊሮምሉ ዘለዉ ዕማም፡ ባህሊ ስራሕ ዘማዕብልን ብሩህ መጻኢ ዘጨብጥን ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ሓቢሮም።

እቶም መንእሰያት ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ነቲ መንግስቲ ሞያን ፍልጠትን ዘጥረየ መንእሰይ ንምህናጽ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ወፍርን ምትብባዕን ብምምስጋን፡ ካብ ዘይተደልየ ወልፍታትን ዘይስነምግባራዊ ተግባራትን ተቘጢቦም፡ ሕብረተሰብ ዘሐጉሱን ናብራኦም ዝመሓየሽሉን ሞያታት ብምቕሳም፡ ንዞውቶም ኮይናም ስድራቤቶም ዝሕግዙሉ መዳያት ንፍጣር ሓርኰትኰት ይብሉ ከምዘለዉ ገሊጾም።

መንእሰይ ርቡል ደብሳይ ኣብ ርእይቶኡ፡ ካሪ ውሕስነት ክረኽብሉ ኣብ ዝኽእል ሞያ ንምንጣፍ ካብ ዝበርሮ ባህጊ ተበጊሱ፡ ሞያ ጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ቀሲሙ ህይወቱ ንምምሕያሽ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ጸጋታት ከባቢኦም ንምምዝማዝ ሞያዊ ብቕዓቶም ከዕብዩ ኣዘኻኺሩ።

ቶማስ ደብሳይን ማዕበል ክብሮምን ብወገኖም፡ ብንኣሽቱኦም ዝተፈላለየ ቅርጺ ዘለዎ ኣቕሑ ገዛ ንምስራሕ ዘኽእል ሞያ ኣጥርዮም ከምዘለዉ ጠቒሶም፡ ራኢ መንእሰይ ኣብ ኢዱ ስለዘሎ፡ መንእሰያት ዝተፈላለዩ ሞያታት ክጠርዩ ክጽዕሩ ተላብዮም።

ነቶም መንእሰያት ፍልጠቶም ክእለቶም ኣብ ምትሕልላፍ ዝርከብ መንእሰይ ብርሃ ትኳቦ ብወገኑ፡ እቲ ዕላማ - መንእሰያት ከተማ ሓጋዝ ኣርኣያ ኮይኖም ንኽወጹን ካብ ዝተፈላለየ ወልፍታት ተቘጢቦም ኣብ ስራሕ ዓለም ዝጽመዱሉ መዳያት ክፈጥሩን ምዃኑ ብምምልካት፡ ንስራሕ ዝቖለ መንእሰይ ስነምግባር ክህልዎ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ሙሳኤል ብወገኖም፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ንመንእሰያት ሞያን ፍልጠትን ንምዕጣቕ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ፡ ሃገምተኤ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝውድቦ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ርኡይ ናይ ባህሪ ለውጢ የመዝግብ ስለዘሎ፡ ቀጻልነቱ ክረጋገጽ ኣዘኻኺሩ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

saha@zena.gov.er

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

bife@zena.gov.er

ቍ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ

ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ


## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ዓሶ

ዓሶ ካብ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንከስቲ ኣናፌልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም ኢዩ።

ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዓሶ ድማ፡

- ቁረቑረ የብል
- የንቀጥቅጠካ (ጉበኢ ይሕዘካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሸውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ኣይህልዎን
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርህጽ
- ይቕረጥመካ (መብዛሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝበኣሰየን ዝሰተኻየን የምልሶካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዚም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዝስዕብ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ሕማም ዓሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና




# ብዛዕባ ርእሰማልነት ዘይንገሩ 23 ሓቅታት

መጽሓፍ 23 ብዛዕባ ርእሰማልነት ዘይንገሩ ሓቅታት (23 Things They Don’t Tell You About Capitalism)፣ “ባድ ሳማሪታንስ” ዘርእስታ መጽሓፍ፥ ብደቡብ ኮርያዊ ሃ ጁን ቻንግ ዝተጻሕፈት’ያ። ኣብ ጥሪ 2012 ድማ ተዘርጊሓ፥ ቻንግ ኣብ መጽሓፉ ርእሰማላውያን ክዋጉኡና ዘይደልዩ 23 ዛዕባታት ብምቕላዕ፣ ኣገባቡ፣ ዓለማዊ ርእሰማልነት ብኸመይ ከምዝሰርሕ ተረዲኡዎ ዝበለጸ መልክዕ ንምትሓዙ ዘኽእሎም ፍልጠት ከዕጥቕ’ዩ ዝጽዕር። ኣገዳስነት ናይዛ መጽሓፍ ዕዙዝ ምኳኑ ብምእማን ድማ ጽማቕ ትሕዝቶ ናባኹም ነብሎ። ሰናይ ንባብ።

<u>1ይ ክፋል</u>

ኣብ 2008 ዝረገጠ ፋይናንስያዊ ምኽት ዘኸተለ ፋይናንስያውን ገዝኡውን ድገፍ፥ ንዓለማዊ ቀጠባ ካብ ፍጹም ዕንወት ብኸፊል ተኸላኺሉሉ’ኳ እንተኾነ፥ ኑ ኣብ 1930ታት ዘጋጠመ ዝቢ ቀጠባዊ ዝሕታለ ሰዒቡ ካልኣይ ዝኸፍአ ቀጠባዊ ቅልውላው ዓለምና ምኳኑ ግን ኣይተረፎን ዘሎ። ንዓለማዊ ቀጠባ ናብ ንቡር ንምምላሱ ዝተገብሩ ፈተነታት ሓያለይ’ኳ እንተኾኑ፥ ዛጊት ጭብጢ ፍረ ኣይተረኽቦምን። መሰረታዊ ፋይናንስያዊ ጸገም ከይተገብረ ገዝኡውን ፈሸላውን ፖሊሲታት ጥራይ ብምፍኳስ ንምምሕያሹ ዝተገብረ ፈተነ ከኣ ሓደሽቲ ፊናንሳዊ ተሰኣታት ፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ግና ቀጠባ ብሕጽረት ገዝኡ ይሳቐ ምህላዉ’ዩ ዘመልክት። እዞም ተሰኣታት ምስ ዝበኡ ቀጠባ ዓለምና ናብ ካልእ ዝበኣሰ ቀጠባዊ ዝሕታለ ክሸመም ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ንቡር እንተተመልሰ’ውን ንዓመታት ዘይፍወስ ሃሲያ ኣውሪዱ’ዩ። ብሰንኪ ዝፈጠሮ ዝቢ ሕጽረት ባጀት፥ መንግስታት ኣብ ረብሓ ህዝቢ ዘውዕሉ ወፍርታትን ንድሕነት ህዝቢ ዝገብርዎ ዝበኡ ወጻኢታትን ከጉድሉ ክግደዱ’ዮም። እዚ ንዓሰርታት ዓመታት ክቕጽል ዝኽእል ኮይኑ፥ ንቐጠባዊ ዕብየት ብኣሉታ ክጸልዎ’ዩ።

ድኽነትን ማሕበራዊ ዘይርግኣትን ፍታሕ ኣይክረኽቡን’ዮም። ክሎም’ቶም ኣብይቶምን ስራሖምን ክገድፉ ዝተገደዱ ኣብ ንቡር ቀጠባዊ መስመር ክጸምብሩ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ’ዩ። እዚ ኹሉ ዕንወት ብቐንዱ ብሰንኪ’ቲ ካብ 80ታት ጀሚሩ ብሰሓሳብ ናጻ ዕዳጋ ንዓለም ዝመርሕ ዘሎ ቀጠባ ዝወረደ’ዩ። ዕዳጋታት ናጻ እንተገዲፍናዮም እቲ ቅሩዕን ብቕዓትን ዘይብሉን ወጻኢት ከምዝቕርቡልና ተደጋጊሙ ዝተነግረና’ዩ። “ሰባት ኣብ ቁጽጽርም ዝሎ ጸጋ ብኸመይ ይጥቀምሉ ኣጸቢቆም ይፈልጡ’ዮም፣ ኣብ ዕዳጋ ዝፍጠር ባህርያዊ ናይ ተወዳደርነት መንፈስ’ውን ኣፍረይቲ ዓበይቲ ብመጠን ብልጫ ፍርያቶም ምኳኑ ዘረጋግጽ’ዩ። ቀጠባውያን ትካላት ንዕዳጋ ብቐረባ ስለዝፈልጡዎ ዘርብሖም ኣይጠፍኦምን’ዩ። ዝመረጽዎ ፖሊሲታት ናጻ ዕዳጋ ከምዝለዎ ተቐበለን፥ ብመንግስቲ ዝውሃቡ ኢንዱስትሪታትን ፋይናንስያውያን ትካላትን ናብ ናይ ብሕቲ ኣብ ምቕያር፥ ኣብ ልዕሊ ፋይናንስን ኢንዱስትርን ቁጽጽር ኣብ ምጉዳል፥ ንኣህጉራዊ ንግድን ወፍርን ብዝዩ ቅድመኩነት ናጽነት ኣብ ምሃብ፥ ካብ ኣታዊታት ዝርከብ ግብርን ንጸገማት ዚጋታት ዝዋበር ሓገዝን ኣብ ምጉዳል ጸጋታት ብምፍጣር፥ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ጠንቂ ዘይርግኣት ኮይኑ’ዩ። ኣብ መብዛሕትኡን ሃብታማት ሃገራት እዞም ጸገማት ቡቲ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ናይ ልቓሕ መደብ ዝተገልበጡ’ዮም። ኣብ ኣመሪካ፥ ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ከይተለወጠ ሰዓታት ስራሕ ከምዝወሰኸ ይፍለጥ። እዚ ከኣ ቡቲ ኣህላኺኑት ንኸፃቢ ዝተዋደደ ናይ ልቓሕ መደብ ዝተኸወለ’ዩ። እዞም ጸገማት ኣብዞን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጎሊሖም ዝተራእዩ’ኳ እንተኾኑ ኣብዞን ዝማዕበላ ሃገራት ጽልዋ ኣይነበርዎምን ማለት ኣይኮነን።

ኣብዘን ዝሓለፋ 30 ዓመታት ደረጃ መትኣብሮ ኣብ ትሕተ-ሳሃራ ናይ ዝርከባ ሃገራት ዝኾነ ለውጢ ኣየርኣያን። ኣብ ላቲን ኣመሪካ ግና ገምጋማዊ እቶት ሓደ ሰብ ብሓደ ሰሶ ኣንቀልቂሉ’ዩ። ቻይናን ህንድን ገለ ካብዘን ቅልጡፍ ቀጠባዊ ዕብየት ዘርኣያ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት’የን። እዘን ሃገራት ግና ንፖሊሲታት ናጻ ዕዳጋ ብኸፊል ንኽዝቡሩ ናጽነት እንተሂብናዮም ንኻልእ ክፋል ሕብረተሰብውን ዘርብሕ ሃብቶም’ዩ ዝዓቢ።


“መንግስቲ ኣብ ዕዳጋታት ጣልቃ እንተኣትዩ ኣድማዕነት’ዩ ዝጎድል።” ዝብል ዘረባውን ንኣእዛንና ሓድሽ ኣይኮነን። መንግስቲ “ማሕበራዊ ማዕርነት” ብዝብል ምኽንያት ሃብቲ ናይ ምኽዕባት ዓቕሚ ክድርት’ዩ ጣልቃ ዝኣቱ ዝብል ሰጕጓ’ውን ኣሎ። ብተወሳኺ መንግስታት ኣገዳሲ ሓበሬታ ስለዘይረኽቡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዋኒናት ኣትዮም ኣርባሒ ውሳኔታት ክወስዱ ዝቕስብ ድርኺት ስለዘይብሎም ንወጻኢት ዕዳጋ ከመሓይሹ ከምዘይሕሰብ ይግለጽ። ከሉ ብዛዕባ ናጻ ዕዳጋ ዝተነግረና ክጠቓለል ከሎ ምሉእ እምነትና ኣብኡ ከነንብርን ካብ ምፅንቃቑ ክንቁጠብን ዝምዕድ’ዩ።


እዚ ምዕዶ ዝሰምዓ መብዛሕትኤን ሃገራት ድማ ንዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ ኣተኩረን ሰሪሐን። ኣብ መጀመርታ ከም ናህሪ ዘይምዕሩይነት ዝኣመሰሉ ብድህሪታት ከምዝኸሰቱ ሰጊኺ ናይዚ ፖሊሲታት ይእመን። “መወዳእታኡ ግና ዚያዳ ዳይናሚክን ሃብታምን ሕብረተሰብ ብምፍጣር ንኹሉ ዘሐጉስ ይኸውን” ብምባል ኑቶም ኣእዛኖም ከር ኣቢሎም ዝሰምዑዎም ግዱሃት የእምኑ።

ወጽኢት ናይዞም ፖሊሲታት ኣንጻር ናይቲ ዝተሰበኸሉ መብጽዓታት’ዩ ኮይኑ። እዚ ብቐሊሉ ዘይሓዊ በሰላ ገዲፉ ዘሎ ቀጠባዊ ምኽት ንኺ ጌዲፍና ቅድሚኡ ንዝበረ ኩነታት ምስንወክስ፥ ፖሊሲታት ናጻ ዕዳጋ ብዘይካ’ቲ ዘመዝገቦ ድኑት ቀጠባዊ ኽሳራ፥ ኣብ መንጎ ሕብረተሰባት ዘይምዕሩይ ተኻፍልነት እንተዘይኩይኑ ምሉእ ብምሉእ ዘይምትእትታው ዝመረጸ’ዩ። ስለዚ ብዛዕባ ናጻ ዕዳጋ ዝተነግረና ቡቲ ዝበለጸ መግለጺኡ እምብዛ ንእሽቶ ሓቂ ዘለዎ ክኸውን ከሎ፥ ቡቲ ዝኸፍአ መዳዩ ግና ወጹእ ሓሶት’ዩ ክበሃል ይከኣል። ብዛዕባ ናጻ ዕዳጋ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝተሸጠ ‘ሓቅታት’ ኣብ ሰንከፍ ግምታትን ራኢታትን ዝተሰረቱ’ዮም። ወይ’ውን ንሸሸንቶም ከርብሉ ዝተዘርግሑ’ዮም። እዚ ጽሑፍ ኣንጻር ርእሰማልነት ዝቐንዐ ኣይኮነን። ንስሑሳቡ ርእሰማልነት ብቕፈታዊ ዓይነ ምርኣዩን ኣንጻሩ ደው ምባልን ሃገበይኑ’ዩ። ጸገማትን ሕጽረታትን ናጻ ዕዳጋ ከይተዘንግዐ፥ ናጻ ዕዳጋ ወዲሰብ ካብ ዝመሃዞም ቀጠባዊ መርሓታት እቲ ዝበለጸ ምኳኑ ጸሓፊ ናይዛ መጽሓፍ ይኣምን። እዚ ነቐፌታዊ ጽሑፍ ድማ ኣብቲ ንዓለም ዓብሊሉ ዘሎ ሓደ ትርጉም ናይ ርእሰማልነት ዝቐንዐ’ዩ - ብናጻ ዕዳጋ ዝቕለስ ርእሰማልነት።

ናጻ ዕዳጋ ንርእሰማልነት ዝቕልስ እንኮ ምርጫ ኣይኮነን። ኣብዘን ዝሓለፋ 30 ዓመታት ዝተራእየ ቀጠባዊ ኩነታት’ውን ናጻ ዕዳጋ እቲ ዝበለጸ ከምዘይኮነ ዝምስክር’ዩ። ንርእሰማልነት ናብ ዝበለጸ መልክዑ ዝቕይሩ መንገድታት’ውን ኣይተሳእኑን። ኣብ 2008 ዝተጋህደ ቀጠባዊ ቅልውላው፥ ዓለማዊ ቀጠባ ንዝምርሓሉ ፍልስፍና ሓያለይ ከቢድቲ ሕቶታት ከውሕዝዎ ዝገብር ክነሱ፥ ኑቶም ፈላጥኡ ጥራይ ከምዝምልከት ኢና ንቖጽሮ። እቶም ውድዓውያን መልሲታት ዓሚቕ ተክኒካዊ ኣፍልጦ ዝሓቱ’ዮም። ፈላጥት ናይዚ ዓውዲ ኣብ ሓደ መደምደምታ ከይበጽሑ ዝጉበርም ድማ እዚ’ዩ። ወጽኢታውነት ንጸገማት ዝዋበር ናይ ሓገዝ ፕሮግራማት (Troubled Asset Relief Program)፥ ኣድላይነት G20፥ ውሰጠዘ ናይ ሃገራውያን ባንክታት ወይ’ውን ምዕሩይነት ደሞዝ ናይ ላዕለዎት ሓለፍቲ ንኽንርድኦን ፍርድና ንኽንህብን ዘኽእል ግዜን ዓቕምን የብልናን። ከም ድኻት ኣፍሪቃ፥ ኣሰራርሓ ውድብ ዓለማዊ ንግድ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ክለዓሉ እንከለዉ’ሞ ንዕውን ኢና። እንተኾነ ግና ኣብ ዓለምና ዘሎ ዓይነት ቀጠባ ተረዲእና ኑቶም ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎም ኣካላት ክኽተሉዎ ዘለዎም ቅኑዕ ኣካይዳ ንኽንጠልብ ምሉእ ተክኒካዊ ዝርዝር ምፍላጥ ኣየድልየናን። ምሉእ ተክኒካዊ ብቕዓት እንተዘይብልና’ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ርእይቶና ምሃብ ዝተርፍ ኣይኮነን። ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻል ኣብ ናይ መግቢ ፋብሪካታት፥ ቤት መግቢታትን ትካላት መሸጣ ስጋን ብቕዓቱ ዝሓለወ ደረጃ ጽሬት ክህሉ ከምዝለዎ ንምፍላጥ፥ ግድን ምሁር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምኳን ኣየድልን። ብተመሳሳሊ ኣብ ቀጠባዊ ኣካይዳታት ርእይቶኻ ምሃብ’ውን ካብዚ ዝፍለ ኣይኮነን። ኑቶም መሰረታውያን መትከላትን መሰረታውያን ሓቅታትን ቀጠባ ሓንሳብ እንተፈሊጥናዮም ተክኒካዊ ዝርዝራት ከይፈለጥና ክውንነታውያን ርእይቶታት ክንህብ ዘጸግም ኣይኮነን። እታ እንኮ ክንገብራ ዘለና ኑቶም ጸገራዊ ሕብሪ ዝተለኸዩ መጽረሪት ዓይኒ ንምእላይ ድልዋት ምኳን’ዩ። እዞም መጽረሪት ንዓለም ሽግር ዘይብላን ሱሓቢትን ኣምሲሎም ስለዘርእዩኻ ኣመንቲ ስሑሓሳብ ናጻ ዕዳጋ(ሂያ ሊበራልስ) ዝኾም መጽረሪት ካብ ኣዒንትኻ ክትኣልዮም ኣይደልዩኻን። መጽረርኻ ደርቢኻ ክትርኢ እንተጀሚርካ ኣብ ባይታ ንዓይኒ ዝወግእ ሓቂ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኳዕ ኢሉ ክረኣየካ’ዩ። መንግስቲ ንቀጠባዊ ዝሕጋስ ደኣ’ምበር ንቀጠባ ክደቁስ ከምዘይጠልስ ምስፈለጥካ፥ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዝበርካ ጎደሎ እምነት ካብ ባዶ ዝቅል ምኳኑ ክበርሃልካ’ዩ። ንሃብታማት ዝዋበር ፋይናንስያዊ ደገፍ ንድኻታት’ውን ከምዘርብሕ ዝተነግረና ቀጠባዊ ፍልስፍና ከምዘይሰርሐ ምስ ተገንዘብካ፥ ሃብታማት ዝኸፍሉዎ ውሱን ግብሪ ንኹልና ብሓባር ዘህብትም ዘይኮነ ኣታዊታት ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝዘርግሓሉ ሜላ ምኳኑ ይርድኣካ።



ጥዑምዝገ ተስፋይ

# ጽባቕ ኣበይ ኣሎ?




"ጽባቐ ኣበይ ኩን'ዩ ዝርከብ? ጃሕጃሕ ዝብል፡ ንውሽጥኻ ብዝተምሳጥ ዘኽንፍ ጽባቐ፡ ኣብ ሕልመይን ኣብ ጋህደይን ሰፈሩ ካብ ዘወናውኺ እነሆ ማዕረ ዕምረይ ዓመታት ቆጺረ። እዛ ዓለምና ብጽባቐታት ግጥም ኢላ ኣላ እናበሉዋ ኣብ ምድላዩ እንዶ ተሳኢኑ።

ኣብ'ቲ ህጡር ክረምቲ - ወሓይዝ ኣብ ዘይውዳእ ጉዕዞ እንክጽመዱ፡ ምድሪ ብቐጠልያ ተጎልቢቡ፡ ዕምባባታት ካብ እጓም ቅልቅል ክብሉ፡ ሰማይ ሓንሳብ ብዘይጉዳእ ትኪ፡ ሓንሳብ ድማ ብስሕዉን ጸዑቕን ሃሪ ዝመስል ደበና እንክጉልበቡ፡ ጸሓይ ከም ሓፋር መርዓት ቅልቅል ጉልብብ እናበለትን ሙቐታ እናቐጠበትን ክተህርረና፡ ኣብ ደቓይቕ ዝወደቐ ኩምራ በረድ፡ ከም ጻዕዳ እምባ ክደጉሕ፡ ቅናት ኣደይ ማርያም ብቐርጺ ፍርቂ ዓንኬል ንምድሪ ኣኽበቡ ሕብሪ ብዙሕነት ከንጸባርቑ፡ ምጉርምራም ነጉዳ ዘሰዖ በርቂ ብስሕለት ጮራታቱ ንጸላምን ደበናታትን ቀዲዱ ሓይሊ ብርሃኑ እንክርኢ. . . "እዚ'ዩ ጽባቐ" እብል'ሞ፡ ውሽጠይ ግን "ጽባቐ እዚ ጥራይ ኣይኩነን" እናበለ ብዝገረ ሰቡት ተጸልየ ዝረሳዕኩዎ ጽባቐታት ከም ዘሎ የተንብሃለይ። ኣብ ጎላጉል ደንካልያ፡ ኣብ ምድረበዳ ካላሃሪ ሃይነይ ዝብል ጽባቐ ከም ዘሎ ክነግረኒ ከሎ፡ "ክላ ምድረ በዳ ደኣ እንታይ ጽቡቕ ነገር ከይህሉዎ!" እናበልኩ ብኢጋ ኣዋደቑ። "ምድሪ ዘበጡ ዘውረግርግ ሙቐት፡ ጸሓይ ዘማእከሎ ጻልጣ ሰማይ ምስ ወርሕን ከዋኽብትን ንሓይሊ ሙቐት ሰዒሮም ኣብ ምድረ በዳ ዝዕንድሩ ፍጡራት . . . ጽባቐዶ ኣይኮኑን?" እንክብለኒ፡ ዕሙቕ ኢለ እዕዘቦም'ሞ፡ ከም ዝሓሰብኩዎን ከም ዝሰራሕኩዎምን ክኸውኑ ዝተርፎም የብሎምን። "ክረምቲ'ሽ እንታይ መለሳ ኣለዎ? ዝናብ ይዘንብ፡ እቶም ወሓይዝ ከም ወትሩ ይውሕዙ፡ ኣትክልቲ ይበቍሉ፡ ይዕምብቡ፡ ይፈርዩ፡ ምድሪ ብቐጠልያ ትሽፈን. . . ወቕቲ መጸ ካብ'ዚ ዝሓልፍ ተግባራት የለን። ዕራርቦ እውን ልሙድ እዩ፡ ጸሓይ ግዜኣ ሓልያ ትሃትፍ፡ ንኣድማስ ጓህሪ ዝመስል ሕብሪ ተልብሶ፡ ብኡንብኡ ድማ ይቕህም! በቓ! ኣብ ወጋሕታ እውን ከዋኽብቲ ይእለዩ፡ ኣዕዋፍ ጫቝጫቝ ይብላ፡ ጸሓይ ትቕልቐል፡ ወዲ ሰብ ካብ ድቃስ ተበራቢሩ ናብ ዕዮ ይወፍር. . . ኩሉ ኣብ ሓደ ዓንኬል ዝኾልል ተግባርን መልሰ ተግባርን፡ ጽባቐ ፍሉይነት ካብ ኩነ እንታይ ፍሉይ ነገር ኣለዎ!"

ዓርክኻ ኣንጊሁ ናብ ስራሕ እንክወፍር ካብ ውሽጡ ብዝቖቐለ ፍሽኽታ እናደጉሐ "ከመይ ሓዲርካ፡ ሎሚ ሰናይ መዓልቲ እያ" በለካ። መንፈስካ ድማ ሰወር ሕቶ ኣለዎ። "ጽባቐዶ ተራእዩካ?" ኢሉ ይሓተካ። ኣብ ውሽጥኻ ውሪግሪግ ዝብል መልስታት ይጕማዳሕ። "ጽባቐ ከመይ ድዩ?" እናበልካ እውን ንጕዝእ ኑብሰኻ ትሓታ።

ኩሕለ-ምሕሊ፡ ቅብኣት ወዲ ቅብኣት፡ ኣልባሳት ፋሽን. . . ንጽባቐ ከም ዝግበር ከይተሓልመ ዝተፈትሐ እዩ። እዚ ወዲ ሰብ ንኽምልክዕ ኢሉ ዝጉብሮ ፍሉይነት፡ ንጽባቐ ከም ዝግበር ኣቐዲመ ስለ ዝፈልጦ ጽባቐ ንኽብሎ ዘሰክፍ የብለይን። ብሓቂ ንውሽጠይ ከም ዝምስጥ ግን መረጋገጺ የብለይን።

ሃንደበት ከኣ'ባ ዝተመሳቐሉ ደበናታት እንክርኢ፡ ቅርጺ እናሰራሕኩን ምስ ግኡዝን ሂወታዊን እናመሳሰልኩን ብዝተምሳጥ እበርር። እታ ዓቕሚ ዘይብላ ንእሽቶ ዓሳ (ሲፒያ) ተጻባኢቲ ቅርብ እንክብሉዋ፡ ንሰፊሕ ከባቢኣ ብሕብሪ በሊላ ንጸላኢታ ዕግርግር ከተብሎም ከላ ከመይ ዝበለ ተኣምር'ዩ እብል። እምስጥ ድማ።

ኣብ'ቲ ጸሓይ ዝተጋጽረቶ ዝመስል ቆላ፡ ጮራታት ብርሃን ኣብ ምድሪ ቤት ከሕወዝወዛ እንክዕዘቦም፡ "ብርሃን ደኣ ንዝገራት ከም ዝረኣዩ ይጉብር እምበር ንባዕሉ ይረአ ድዩ?" እናበልኩ እገረም። ዓይነ ስውርቲ ሄለን ከለር፡ "ኣእዳወይ ኣብ ጉንዲ ገረብ ኣንቢረ፡ ናይ ኣዕዋፍ ናይ ባህታ ምንብድባድን ጫቝጫቝታን እንክሰምዕ፡ ተምሳጠይ ደረት የብሉን" ድያ ዝበለት። "እቲ ህዱእ ዛራ ብመንነ ኣጸብዕተይ እንክዛሪ እውን መንፈሰይ ብደስታ ይምላእ" ዝበለት ይመስለኒ። ኣረ ካብ'ቲ ምዕሩግን ምቹእን ናይ ፐርሻውያን መንጸፍሲ፡ ኣብ ለምለም ሳዕሪ እንክትጋደም ከም ዝምእማእ እያ እትነግር።

ክሳብ ሎሚ ዘይርስዖ ቀራብየይ፡ ዝናብ እንክጀምር ንሕና ናብ መዕቀሊ ንጎዩ፡ ንሱ ከኣ ካብ መዕቀሊ ናብ ግዳም ይጎዩ ነበረ። ንሱ ኣብ ዘይብሉ ዝናብ ክሃርም ባህ ኣይብሎን። ኣብ ጎልጎል ደው ኢሉ እናሰሓቐን እናወጨጨን ዝናብ ክሳብ ዝጽሒ ይህረም። ዕ቗ር እንተረኸበ እናዘለለ ምስ'ቲ ማይ ይጻወት። ድሕሪ ዝናብ ክዳውንቱን ኣካላቱን ጀብጀቡ ባህ እናበሎ ይምለስ። . . . ጽባቐ ዝናብዶ መሲጡዎ ይኸውን?

ለካ ጽባቐ ኣብ ኣተረጓጉማ እዩ ዘሎ! እናበልኩ እሓስብ እየ። ክሳብ ሲጋእ ዝብል ጥራይ እየ ግን ዝኣምነሉ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነናቱ ትርጉምን ኣረኣእያን እዩ ዘለዎ መሰለኒ! ብመጸባበቒ ተለቒሊቃ፡ ኩላሙላ ፋሽን ለቢሳ ሸነን ትብል ጓል ሄዋን፡ ገሊኦ ሃንን ኢሉ ብኣዒንቱ ክሰዕባ ከሎ፡ ገሊኡ ድማ ቅጭጮ ይመጽኦ'ሞ "ኣጸቢቑለይ ኢላ ድያ?" እናበለ ክኽዕባ ይደናደን። ኑብሲ ወከፍ ነናቱ ምኽንያት ይህልዎ ይኸውን። ካብ ኣተረጓጉማ ዝበገሰ መርትዖ የቕርብ። እቲ ሓደ "ከምኡ እንተገበረት መሲሳ ጸበቐት እምበር እንታይ ጎዲሉዋ" እንተ በለ፡ እቲ ካልእ ድማ "እንታይ ክትጽብቐ ደኣ ንጹህ ተፈጥሮኣ ብገፈጥፈጥ በሊላ እምበር ከፊኣ" ክብል ይኽእል። ብዓብኡ ንደቂ ሰባት ካብ ዘየጋጠሙና ነገራት ሓደ ኣብ ጽባቐ ዘለና ምርጫታት እዩ ክኸውን ዘለዎ። "ፊልም ንርአ - ኣይፋል ኩዕሶ'ባ ንርአ" እናተባሃሃሉ ዝዋጠጡ ትኽ ትንፋስ ኣዕሩኽ ገጢሞሙኹም ይኾኑ። "እከለ ይጽብቐ - ኣይፋል! እከለባ ይጽብቐ" እናበላ ዝካታዓ ኣዋልድ እውን እንተ ወሓደ ሕልፍ ክንብል ሰሚዕና ንኸውን። እታ ሓንቲ ኣብ ኣካላዊ ዝርዝር ጽባቐ ኣተኩራ "ኣፍንጭኡ ተሪር፡ ኣዒንቱ ፍሩያት፡ ቆማት፡ ጸጉሪ ርእሱ ለማሽ፡ ጉልበት . . . እናበለት ጭብጥታት ዝበለቶ ክትገልጽ ከላ፡ እታ ሓንቲ "ክላ ንሱ ደኣ እንታይ ክጽብቐ ጓለይ፡ ናይ ወዲ ተባዕታይ መንፈስ ዘይብሉ፡ ድምጺ ኣሳሕቓኡ ባህ ዘይብለካ፡ ዘንሰላሉ ዘሎ ገረብ ዝመስል፡ ኣኩዳድናኡ ናይ ፋራ፡ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ናይ ኣተዓልላ ጥበብ የብሉን" ክትብል ትኽእል። ደቂ ተባዕትዮ እውን ከምኡ። ሓደ "እዛ ጓል ክትጽብቐ!" እናበለ ዘድነቓ -"ኣታ ወዲ - ነዚኣ ጽብቕቲ እንተ ኢልካያ ደኣ ኣብ'ዛ ዓለም ክፍእቲ ትብሃል ጓል ሄዋን የላን ማለት እዩ" ብዝብል ምሉእ ብምሉእ ውዱቕ ክጉብሮ ይኽእል። "ኣንታ እንታይ ወረዱዎ እዩ እዛ ግናይ ዛንዛን ኣቢላቶ" እናበሉ ዝግረሙ ወይ ዝግረማ እውን ጎፍ ኢለናና ወይ ኢሎሙና ይኾኑ። ጽባቐ ከም ተርጓሚኡ ከም ዝኾነ ዘረጋግጽ ኣብነታዊ ጭብጢ እዩ። ኣብ ምንታያ ሃይነይ ከም ዝበለላ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዛንዛን በሃሊ እዩ ዘሎ። ድምጺ ሰሓቓ ከም ምቁር ናይ ወጋሕታ መዚቃ ፍሳሃ ዝህቦ ክኸውን ይኽእል። ሰቐታኣን ሕንከታን ይዓጅቦ ይኸውን። ሓልዮታን ርህራሄኣን ሰሊብዎ ይኸውን። ጠፍናኞን ደቀቕቲ ኣዒንታን ጓል ሄዋን ዘፍቱ ውቃብ ይህልዎ። ውሽጡ ብዘቕረበሉ ትርጉም ናይ ጽባቐ ኣይተጋገየን። ክፍእቲ ዝበላ ሰብ እንተ ተረኸበ እውን ናይ ውሽጡ ትርጉም ጽባቐ ዝኣዘዞ ስለ ዝኾነ'ሱ ኣይተሓዘን።

ጽባቐ ኣብ ኣጠማምታ ከም ዝምርኮስ ዘረጋግጹ ብዙሓት ጭብጥታት ጎፍ ብዝበሉኒ ንኹሉ ዝውክል ናይ ሓባር ጽባቐ ከም ዘየለ ዝተገንዘብኩ ይመስለኒ። ወላ'ቲ ካልኦት ሰባት ዘደነቕዎ፡ ውሽጠይ ክሳብ ዝሰገረ ከድንቖ ከም ዘለኒ ኣንፈት ረኺበ። ጥበብ እውን ኩሉ በበወገኑ ከም ኣተረጓጉማኡ፡ ኣጠማግታኡ. . . ጽባቐታት እንክወሰኸሉ ንኹሉ ዝጠዓም ሕብራዊ ጽባቐ ከም ዝፈጥር ክምገዝዞ ዝተረፈኒ የለን።



## ኮር ተገልበጥ

ፍጹም ዘየድልዮ
ሃዳንን ሃዳምን
ጊላን ጎይታን ኢሉ
ክፈሊ ዘይፍትን
እናኾነ ሓይሉ
ዓንጋልን ጠባርን
ኣባይ በጺሑ ግን. . .
ቀይሩ መልክዑ
ክቐርቦ ዝርሕቕ
ኣመና ዝበቕቕ
ፈንጢጋር ዘይጭብጦ
በቓ. . .ኮር ተገልበጦ
ሎምስ ኣሰልክዩኒ
ኣኽርዩ ኣሰሓቑኒ፡
ብዘይ ፍረ ጻዕሪ
ናብራ ብዘይ ክብሪ
ሃድን ምሉእ ዕምሪ

ኮይኑ ተራእዩኒ
ትያትር ቶም ጀሪ
ጉዳመኛ ፍቕሪ።

***ብምሕረትኣብ ኣብርሃ (ባርያ)***
***ኣስመራ 2003***

# ሩፍታ

መንሱር ናፍዕ

# እታ ምኽሕቲ

4ይ ክፋል

“ዋላ ሓንቲ ኣይፈጸምኩን፡ እንታይ ኴንካ'ታ ሓጉስ?” ተዛረበ ሰለሙን። ክሓብኣሉ ነይርዎ። ምስ ለባማት ዝጥቀስ ሰብ'ዩ ሓጎስ። ምስ ኣስቴር ዝፈጸሞ እንተነጊሩዎ መመሰሊ ከም ዘኸውን ኣይሰሓተን። ካብ ክልተ ግዜ ምርኣይ ጉድለትካ ዓቢጥካ ምንባር ሰብ'ዩ ኮይኑ።

“እምበር ምስኣ ክትሰዕስዕ ዝረኣዩኻ ተገሪሞም እዮም። ንሕና ኣየስተብሃልናን። ካልእ ግና ኩሉ ሓምዩካ'ዩ።” ኣብ ልዕሊ ሰለሙን እምነት ኣለዎ። ኩሉ ሰሎሞን ዝበሎ ሓቂ ምንባሩ'ዩ ዝኣምን።

“እንታይ ኢሉ ደኣ ሓምዩ?” ብቓላቱን ውሽጡን ክልተ ሰብ ኮነ።

“ኣንታ'ዚ ሰሌ ምስዛ ስርኤል እንታይ ኣራኸቦ ኢሉ ተዛሪቡ።” ብገርሁ ዝነበረ ሓጉስ ናይ ልቡ ተዛረበ። እቲ ኩሉ ግዜ ዝፈለጦ ሰሎሞን ከም ዝተቐየረ ከስተውዕል ኣይከኣለን።

“ስርኤል ድያ?” ሰንባደኡ ከይልለ ተቐጻጺሩ ተወከሰ። ህርመት ልቡ ፍጥነቱ ከም ዝወሰኸ ተፈለጦ። ኣስቴር እንታይ ዓይነት ሰብ ምዃና ኣይፈልጥን'ዩ። ብስኽራን ተሰኒፉ ኣብ ልዕሊኣ ርክብ ከም ዝፈጸመ ጥራሕ'ዩ ዝኣምን። ኣብቲ ብሓንሳብ ደቂሶም ዝሓደሩሉ ሆቴል ሰምዒት ገዚእዎ ከም ዝኣተወ'ዩ ዝፈልጥ።

“ኣነ'ኳ ብዕምቀት ኣይፈልጣን'የ። ግና ከምኡ ይብልዋ ነይሮም። ምስ ዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን ከም ትዘውር'ዮም ዝዛረቡ። ሓቂ እንተኾይኑ'ውን ኣብ ለይታዊ ትልሂት ብቐጻሊ ከም ትርአ ዝነገሩኒ ሰባት ኣለው።” ብቐንዕና ተዛረበ። ንሕልና ሰለሙን ከም ኩቦ ዝፈራኸሸ ዘረባ ምንባሩ ግና ኣየቕለበን።

“እምባእ! እንታይ ትብል? ከምኡ ደኣ ዘይትመስል።” ሕጂ'ውን ምስ ሕሩር ልቡ ተዋስአ። እታ ዝተጋገየላ ለይቲ እንተዘይትፍጠር ክንደይ ምተሓጎሰ። እዚ ግና ትምኒት ጥራይ'ዩ።

“እንቋዕ ኣየስሓተትካ እምበር ሓደገኛ'ያ።” ወሰኸ ሓጉስ።

***

ሰሎሞን ንበዓልቲ ቤቱ ካብ ዘይራኸባ ሰለስተ ሰሙን ኣቢሉ ሓለፈ። እዚ ንትዕግስቲ ዓቕሊ ክትገብር ኣይሓገዛን። ውላድ ደንጉዮም ከም ዘለው እናፈለጠ ከምኡ ምግባሩ ኣዝዩ ኣሕረቓ። ንጓል ኣንስተይቲ ቀንዲ ጸላኢኣ ግዜ ምዃኑ'ያ ትኣምን። ግዜ ከይከደ ውላድ ከምጽኡ ባህጊ ኣለዋ። ዕድመኣ ሰላሳታት ሓኺሩ'ዩ። ስለዚ'ያ ምስ ግዜ ምቅድዳም ቀዳምነት ትህቦ።

ሰሎሞን ገለ ምኽንያት እናፈጠረ ካብ ርክብ ከሕንግድ ኣስተብሂላትሉ'ያ። ዋላ'ኳ ብዓቕሊ ንሰሙናት ነብሳ እናጐድኣት እንተቐጸለት ኣብ መወዳእትኡስ ምኽኣል ሰኣነት። ኣብ ሓደ ዓራት እናደቀሱ ሕቖ ንሕቖ ተወሃሂቦም ክትርኢ ኣይደለየትን።

“ሰሎሞን!” መጽሄት የንብብ ንዝነበረ ሰብኣያ ተዳህየቶ።

“ኢሂ ትዕግስቲ?” ኣቓልቦኡ ናብኣ ገበረ።

“ክዛረበካዶ?” ከም ጓና ሓተተቶ።

“ጸገም የለን።” የንበቦ ንዝነበረ መጽሄት ዓጺፉ ምሉእ ኣቓልቦኡ ናብ በዓልቲ ቤቱ ገበረ። ብዛዕባ እንታይ ክትዛረቦ ከም ትኽእል ናቱ ናይ ባዕሉ ግምት ነይርዎ። ድሕሪ'ታ ምስ ኣስቴር ዝሓደረላ መዓልቲ ጽቡቕ ይስመዖ ኣይነበረን።

“ሰሌ ሓወይ፡ መጀመርታ በዚ ዝበለካ ኣይትሕረቕ። ኣብ ጉዳይና ብግልጺ ክንዘራረብ ስለ ዝደለና'የ ክዛረበካ ኣንቂደ። ከተዳለዎ ጀመረት።

“እወ ሓቅኺ! ጽቡቕ ኣለኺ። ምስ ዘረበኣ ከም ዝረዳዳእ ገለጸላ። ውሽጡ ግና ህዱእ ኣይነበረን። ሳልሳይ ሰሙን'ዩ ንሱ ጥራይ ዝፈልጦ ስቓይ ኣብ ውሽጡ ሸናዕ ክብል ካብ ዝጅምር።

“ኣምላኽ ኣይፈቐዶን ክሳብ ሕጂ ኣይወለድናን።” ዘረባ ጀመረት። “ኣይወለድናን ኢልና ተሰፉ ክንቆርጽ ዘይኮነ ግና እቲ ዝግበር ክንገብር ይግባኣና። ዝግባኣካ ጌርካ ኢኻ ሓገዝ ፈጣሪ ክትጽበ ዘለካ።” ብምረትን ብሰምዒትን ኣድመጸት። ድሌታ ብግልጺ ምዝርራብ'ዩ ነይሩ።

ሰለሞን ግብረ መልሲ ክህብ ኣይተራእየን። ኣሸንኳይ ካብ ልሳኑ ቃላት ከውጽእ ኣዒንቱ ናብ በዓልቲ ቤቱ ክልእኽ ዓቕብ ኮኖ።

“ሰለሙን!” በለት ግብረ መልሲ ዘይረኸበት በዓልቲ ቤቱ።

“እወ ትዕግስቲ ሓቅኺ.” ምስኣ ከም ዝጸንሐ ከነጽረላ ህርድግ በለ። ነቲ ናይ ቀደም ሰለሞን ክምለሶ ምደለየ። ግና እዚ ክኸውን ዝከኣል ይመስሎ ኣይነበረን። ንሰሎሙን ኣብታ ሰራም ለይትን ኣብ ሆቴልን ከም ዝተፋነዎ ሓሲቡ ስቕቕ በለ።

“እሞ ንምንታይ ደኣ ኢና ዘይንራኸብ ዘለና? ክንወልድ እንተ ኮይንና ክንራኸብ ኣለና መሰለኒ። እዚ ይጠፍኣካ ኣይብልን'የ።” ባህጊ ውላድ ዝደፍኣ ክትመስል ኣብ ሰምዒት ጠሊቓ ተዛረበት። ምስ በዓል ቤታ ሕጉስ ህይወት ተሕልፍ ዝነበረት ሰበይቲ'ያ።

ሰሎሙን ግብረ መልሲ ምሃብ ኣሸገሮ። ርእሱ ኣድኒኑ ምስ ስቕታ ተማሓዘወ። እቲ ስቕታ ግን ንኽልቲኦም ኣርባሒ ኣይነበረን። ገለ ክብል ከም ዘለዎ ተረዲእዎ ነይሩ፡ ግና ድፍረት በየን ይምጻእ። ውሽጣዊ ትብዓቱ ምስታ ካብ ስነ ምግባር ወጻኢ ዝፈጸመላ ለይቲ ተኣልዩ'ዩ። “ሰሎሞን እንታይ ድዩ ጸገምካ?” ዝመረራ ትዕግስቲ ቀለጭ በለት።

ሰሎሙን ብዘይ ዘረባ ካብ ቤቱ መሰስ ኢሉ ወጸ። ካብ ገጽ'ታ በዲለያ ዝብላ በዓልቲ ቤቱ ምርሓቕ ብመጠኑ ጸሩ ዘፋኹስ ኮይኑ ይስመዖ ነበረ። ንትዕግስቲ ሕማቕ ከም ዝሰምዓ ግና ኣይጠፍኦን። ኩነታት ሰሎሞን ዝገረማ ትዕግስቲ ንብዓት ሰዓራ።

“እንታይ ደኣ ዝተጨነቕካ ትመስል?” ኣስቴር ንሰሎሙን ዘቐረበትሉ ሕቶ'ዩ። ግድን ከረኽበካ ደሊየ ኢላ'ያ ጸዊዓቶ። ድሕሪ'ታ ብሓንሳእ ዝሓደሩላ ለይቲ ዳርጋ ኣይተራኸቡን። ሓደ ወርሒ'ዩ ኮይኑ።

“ደሓን'የ።” ነዊሕ ክዛረብ ኣይመረጸን። ነታ ብመልክዓ ብብዙሓት ትፍቶ ኣስቴር ልዕሊ መጠን'ዩ ጸሊእዋ። ካብ ዝነበሮ ናብ ዘለዎ ዘውደቐቶ ብዘይከኣ ካልእ የለን።

“ሰለምንታይ ከትረኽበኒ ዘይፈተንካ? ግብረ መልሱ ስለ ዘየሐጎሳ ተጸዊጋ ጠመተቶ። ምክሕቲ 'ያ።ክግደሱላ እምበር ክትግደሰሎም ትሓሰብ መንእሰያት የብላን። ኣብ ሰሎሙን ግና ባህሪ ለዊጣ።

“ኣይጠዓመንን” ኪኖኡ ኣይቀጸለን ።

“ኣይጠዓመንን!” ፍሩያት ኣዒንታ መሊሳ ኣፍረየቶም። ሰሎሞን ኣብ ልዕሊኣ ንዕቀት ዘርኢ ዘሎ መሰላ። ኣወዳት ክትንዕቕ እምበር በወዳት ክትነዓቕ ፋልማያ ኮይኑ ድማ ተሰምዓ። ትምክሕታን ፈኸርኣን ኣብ ሰለሙን በጺሑ ናበይ ከም ዘበለ ንጹር መግለጺ ክትህበሉ ተሸገረት።

“ሰራሕ በዚሑኒ ቀንዩ” በላ።

“ጽቡቕ እምበር!” ኣፋ ረማመጠት። ድሕሪ'ዚ ምዝራብ ኣይመረጸትን። ምኽንያቱ ምስ ሰሎሙን ምዝራብ ምፍኳስ ኮይኑ ተሰምዓ። ክንደይ ከም ንግስቲ ዝተኸናኸንዋ ኣወዳት'ያ ትፈልጥ ።ግደ ሓቂ ካብ ሰሎሞን'ዉን ከምኡ ተጸቢያ ነይራ። ግና ከም ዝሓሰበቶ ኣይኮነላን።

“እሞ ኣነ ክኸይድ!” ድሕሪ ናይ ደቓይቕ ስቕታ ኣስተንፈሰ። ብዓንተቦኡ'ውን ምሕጽንታኣ እምበር ባህጋ ኣየዛወሮን። እንተኸኢሉ ካብ ቅድሚኣ ክርሕቕ'ዩ ዝደሊ።

“ናበይ?'' ብዓውታ ጨደረት። ጸዊዓቶ ከተብቅዕ ሃንደበት ክኸይድ ምባሉ ኣዝዩ ኣቐጥዓ። ምኽንያቱ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ስዕረት'ዩ። ንኽንደይ ምኩሓት ዘታለለት ጎርዞ'ያ።

**ይቕጽል**

**ኣልጌና ወልደማርያም**

# ኩርናዕ ካርቱን



# ምልክታ

ዳግብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/መሰል ሸዋ ከተማ ዘምሉ ብወኪል ዮናስ የማነ ናይ ኣፈጻጸም ፋይል ስለዝኸፈተት ብፍ/በ/ዕባ ሓየሎም ስዩም ጎይትኦም ኣድራሽኡ ስለዘይተፈልጠ ይጸውዓለይ ስለዝበለት፣ ን3/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ወረ/ነፍ ለተኺዳን ይሕደጎ ሕድሩ ወረ/ነፍ ትኽኣ ተስፋስላሴ ወ/ሮ ኣይዳ ምሕረትኣብ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ለተኺዳን ይሕደጎ ሕድሩ 1.ወ/ሮ ኣብርሃጼን ተስፋስላሴ 2.ወ/ሮ በላይነሽ ተስፋስላሰ 3.ኣቶ መብራህቱ ተስፋስላሰ 4.ወ/ሮ ግደይ ሃንስ 5.ኣቶ ይሕደጎ ምሕረትኣብ ብዘሎ ጉዳይ ምቕሊት ውርሻ ተኸሰስቲ ቁ.3ን 4ን ኣቶ መብራህቱ ተስፋስላሰን ወ/ሮ ግደይ ሃንስን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሎም ን6/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኣያ ይቕረቡ። እንተዘይቶይኑ ቤ/ፍ ኣድላዩ ትእዛዝ ወይ ውሳነ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

ሳምሶም ኣርኣያ ስብሃትለኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሳምሶም ቀጸላ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኣያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊት ወ/ሮ ናጽነት ሙሉጌታ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ሚኪኤል የሕደጎ ፍስሃ ብዘሎ ናይ ቀለብ ቀልዓ ጉዳይ ወሃቢ መልሲ ብኣድራሽኡ ተደልዩ ክቐርብ ስለዘይከኣለ ተጸዊዑ ን26/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ደጀን ጠዓመ ግርማጽዮን፡ ስም ወላዲተይ ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ወ/ሮ ኣኽበረት የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 10ይ መጋባኣያ ቁ.52 ይቕረብ።

ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመላሽ ወልደስላሴ ተኸለጽዮን፡ ናይ ዝሸጥካያ መኪና ናይ ስም ምትሕልላፍ ሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን31/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀትሪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 10ይ መጋባኣያ ቁ.52 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ይኽእል እዩ።

ኣቶ ሚልዮን ዑቕባጽዮን ዑቕባሚካኤል ብመንገዲ ወኪሉ ሓበን ገብረገርግሽ ኣቢሉ፡ ስም ወላዲተይ ግደይ ድራር ምባል ተሪፉ፡ ግደይ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/8/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኣያ ቁ.39 ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድ ብርሃን ኣድም ኣብራሂም ብወኪሉ ኣቶ ሙሳ እድሪስ ኑር ኣቢሉ፡ መሓመድብርሃን ኣደም ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ኣደም ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኣያ ቁ.38 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ኣቶ ቃልኣዋዲ እንግዳ ገብሪሂወትን ወ/ሮ ገብርኤላ ተወልደመድህን ዓንደሚካኤል፡ ጓልና ወ/ሮ ሓዳስ ቃልኣዋዲ እንግዳ ስለዝሞተት፡ ንሕና ወለዳ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሚላት ህንጻ የማነ፡ ወላዲት ኣደና ወ/ሮ ናዝሬት ኣማኑኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ሻሹ ገብረመስቀል ተወልደመድህን በዓል ቤተይ ዳንኤል ሰቋር ገብረ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ጸዳል ዘርእዝጊ ተስፋገርጊስ በዓል ቤተይ ፍስሃጽዮን ወልደሚካኤል ማሉ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ገብሩ ሰብቀለስ በዓል ቤተይ ነፍ/መርሃጼን ሃይለ ክብርኣብ ነቲ ናይ ሓባር ገዛና ኣብ ከባቢ ገዛ ባንዳ ጎደና ሕመረት ኣልቦይ ቁ.ገዛ 50 ብስሙ ብምስክር ቁ.121493 መወከሲ ቁ.114861 ኮሚሽን ምጽራይ ኣባይቲ ዝተረጋገጸ ንብጽሒቱ ብውህብቶ ኑዛዜ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርድን ምስክርን ስለዝሃበንን ዘውረሰንን ይጽደቐለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ት እጸገነት ወልዱ ሞላ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣመተጽዮን ሃይለ ወልደጋብር ስለዝሞተት፡ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገነት ተኽለ ሰይፉ፡ ኣቦሓጎና ኣብርሃ ሓጎስ ጻዕዱን ዓባይና ግደይ ኣባይ ኣስታን ስለዝሞቱ፡ ኣደታትና ውን ኣቐዲመን ስለዝሞታ፡ ንወለድና ተኪእና ኣነ ምስ 10 ደቂ ሓትናይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዑቕባዝጊ ወረደ ገብረእየሱስ፡ ሓትናይ ተበርህ ገብረወልዲ ኣስገዶም ስለዝሞተት፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ሰምሃር ኣረፋይነ ኣረጋይ፡ ኣቦይ ተጋ/ኣረፋይነ ኣረጋይ ገዘሀይ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምም/ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ እስጢፋኖስ ዘርኣክርስቶስ ገ/መድህን፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣብርሀት ንጉሰ ሓጎስ ስለዝሞተት፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ወንድሙን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት መብራህቱን ዘሎ ናይ ውዕል መሸጣ መኪና ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት መብራህቱ ብወኪል ኣቶ ሳልም መንሱር፡ ዓይነታ ሃይንዳይ ሰሌዳ ቁ.ER-1-31847 .ቁ.KMJWVH7FP14314046 ንከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ወንድሙ ከምዝሸጠሉ ይፍለጥ እዩ። እንተኾነ ግን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት መብራህቱ ብወኪል ኣቶ ሳልም መንሱር ስም ከየመሓላለፈት ብኣድራሽኣ ስለዘይተረኸበትን ተኸሳሲት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/9/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪብኪ ኣብ ዘየለኽሉ ውሳነ ክንህብ ምዃና ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ሚካኤል ፍስሓጽዮን፡ ኣቦሓጎና እንግዳ ክፍለ ጻዲቕ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ምስ ኣቦይን ወ/ሮ ተኽኣ እንግዳ ከምኡ'ውን 3 ተተካእቲ ደቂ መንግስትኣብ እንግዳን ሓወቦይ ኣርኣያ እንግዳ ናይ ወላዲና እንግዳ ክፍለ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


# ምልክታ ጨረታ

ኣብ ትሕቲ ክ/ኢሚ/ዜግነትን ዝመሓደር ቤ/ጽ/ጉ/ስደተኛታት ናይ ጽሕፈት መሳርሕን ናውቲ ትምህርትን ኣጫሪቱ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

- ናይ 2013 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም።
- ተወዳደርቲ መጫረቲ ሰነድ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ቤት ጽሕፈት ጉ/ስደተኛታት ይወስዱ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት መጫረቲ ሰነዳቶምን CPO ናይ ዘቕረብዎ ዋጋ 10% ብምትሕሓዝ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ንቤ/ጽ/ጉ/ስደተኛታት የቕርቡ።
- ጨረታ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ሻድሻይ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀ ኣብ ቤ/ጽ/ጉ/ስደተኛታት ይኽፈት።

ቤ/ጽ/ጉ/ስደተኛታት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብምልኣት ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፦ ፊት ቤት ትምህርቲ ፊንላንድ ሚሰዮን እዩ።

ቤ/ጽ ስደተኛታት

# ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ስነ ፍልጠትን ቴክኖለጅን ባሕሪ ምጽዋዕ ንምግብና ተማሃሮኡ ካብ 19/09/2014 ክሳብ 30/06/2015 ብኩንትራት ኣሕምልቲ ዝቕርቡ ትካላት ስለ ዝደለየ ንግዱሳት ኣቕረብቲ ንጨረታ ይዕድም።

- ናይ 2013 ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ።
- ሳንዱቕ ጨረታ ክሳብ 28 ነሓሰ 2014 ሰዓት 12፣00 ቅ.ቀ ክፉት እዩ።ንጽባሒቱ ተወዳደርቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 29 ነሓሰ ሰዓት 09፣00 ቅ.ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.257 ይክፈት።
- ተጫረትቲ ንመኽበር ጨረታ ናቕፋ ሓምሳ ሽሕ (50,000.00) ብ C.P.O የትሕዙ።
- ሰነድ ጨረታ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.257 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረክቡ ይኽእሉ።
- ን ተወሳኪ ሓበሬታ ብ ቁ.ስልኪ 08210278 ክትውከሱ ትክእሉ።
- ኮለጅ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ኣቶ ክፍላይ ኢሳቕ ተኽለ፡ ኣቦና ሜጀር ኢሳቕ ተኽለ ወልደገብርኤል ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸሎት

ለተብርሃን ኪዳነ በራኺ፡ ሓውና ክፍልዝጊ ኪዳነ በራኺ ስለዝተሰውኡ፡ ወለድና ድማ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቂ መወቲ ኣሕዋትናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ሓድጉ ገብረ ምባል ተሪፉ፡ ኣሰፋሽ ኣስመላሽ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምም/ከባቢ ከረን 02

ትዕበ ተኽለሃይማኖት በዓል ቤተይ ኢሳቕ ብርሃነ ስለዝሞተ፡ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ኣብ ቀዋሚ ኮነ ተንቀሳቓሲ ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ምኒ

ወ/ሮ ሚኒያ ተኽለሃይማኖት ሳህለ በዓል ቤተይ ተስፉ ተወልደ ሃይለስላሰ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓጓ

ሓየሎም ወልዳይ መድህን፡ ወለድና ኣቦና ወልዳይ መድህን ገብረሩፋኤልን ኣደና ወ/ሮ ኣብርሀት ሓየሎም ካሕሳይ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 5 ተተካእቲ ደቂ መወቲ ኣሕዋትናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓንጻጸ

ወ/ሮ ኣብርሀት ሽመንዲ ተላ፡ ወለድና ኣቦና ሽመንዲ ተላ ፍስሃየን ኣደና መድህን ኪዳነ ተስፋይን ስለዝሞቱ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ክትመውሊዕ

ከሳሲ ኣቶ ሚካኤል ጸጋይ ገብረመድህን ተኸሳሲ ኣቶ ዘርእዝጊ እያሱ ረዳእ ብዕለት 5/2/2010 ብዝፈጸምናዮ ናይ ሞተር ሳይክል መሸጣ ስምምዕ መሰረት ኣነ ከሳሲ ካብ ተኸሳሲ ዝገዛእክዋ ሞተር ሳይክል ዓይነታ ቤሰፓ ቁ.ሰሌዳ ER-1-479 ሞተር ሳይክል ቻሲ ቁ.DJM167720N 77259 ዝኾነት ስም ዋንነት ከየመሓላለፈለይ ኣድራሽኡ ስለዝሰኣንኩ ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን5/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ያቕነ

ኣቶ ዘርኣብሩኽ ተስፋማርያም ኪዳን፡ ኣቦና ተስፋማርያም ኪዳነን ኣደና ሓዳስ ኤልያስን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ተስፋይ ወልደሃዋርያት በዓል ቤተይ ኣማኒኤል ገብረሚካኤል ኣብርሃ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ዘካርያስ ኣርኣያ +2 ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ጸጋ ገብረሂወት +3 ዘሎ ሲቪላዊ ጉዳይ፡ ተጸዋዕቲ ዮሴፍ ኣርኣያ፡ እየሩሳሌም ኣርኣያ፡ ሄለን ኣርኣያ ብኣድራሽኦም ስለዘይተረኽቡ ተጸዊያም ን8/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። ምስዘይቀርቡ ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ይግባይ በሃሊ ኣቶ ሰመረ ሃይለ ዘርኣይ፡ መልሲ ወሃቢ ወ/ሮ ፍትሓዊት ጎይትኦም ኣብ ኤርትራ ስለዘየላ ተጸዊዓ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ።

ወሃብ ያዕቆብ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዓብደልወሃብ ያዕቆብ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## መንደፈራ

ወ/ሮ ሰላማዊት ተኽለማርያም፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ሳራ ኣብርሃም ኢሳቕ ምባል ተሪፉ፡ ሳሮን ኣብርሃም ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/14 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ተወልደመድህን ኪዳን፡ ኣብ ልዕሊ ተኸሰስቲ 1.ኣለፈሽ ተወልደመድህን ኪዳነ 2.ኣማኑኤል የውሃንስ 3.ኣድያም የውሃንስ 4.ኣሴር የውሃንስ 5.ኣስቴር የውሃንስ 6.ሳራ የውሃንስ 7.ምርያም የውሃንስ ዝተባህሉ ናይ ውርሲ ምምቃል ክሲ መስሪታ ስለዘላ፣ ን14/10/14 ቀሪብኩም መልሲ ሃብሉ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ቤ/ፍ ኣብ ዘየለኽምሉ ውሳነ ክህበሉ እዩ።

## ዓዲ ቐይሕ

ዘውዲ በራኺ ዛህላይ፡ ደቀይን ደቂ ሰብኣየይን 1.ካሕሳይ ተስፋይ ክፍለ 2.መድሃኔ ተስፋይ ክፍለ 3.ኤፍሬም ተስፋይ ክፍለ 4.ኣማን ተስፋይ ክፍለ 5.እየሩሳሌም ተስፋይ ክፍለ ኣብ ንኡስ ዞባ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዝነብሩ ዝነበሩ ኮይኖም ካብ ዝጠፍኡ ደሃይ ካብ ዘይረኽበሎምን 3 ዓመታት ስለዝሓለፈ ከም ጥፉኣት ክውሰነለይ ስለዝበላ፣ ካብዞም ዝተጠቕሱ ሰባት ኣለና ዝብል እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓረዛ

ወ/ሮ ኣረጋሽ ተስፋይ ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ኣረጋሽ ክፍለ ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓዲ ጓላ

ኣቶ ደሳለ ተስፋዝጊ ገብረትንሳኤ፡ ኣደና ወ/ሮ ገብርኤላ ገብሩ ገብረዝጊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ድንፍዕ የዕብዮ ምንያ፡ ሓወይ ኣቶ ድንግል የዕብዮ ምንያ ስለዝጠፍኣ፡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለዝበሉ፣ ብኣካል ወይ ብወኪል ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ክንህብ ምዃንና ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ኣቶ ኣባዲ ሃብተገርግሽ፡ ወደይ ኤልያስ ኣባዲ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ኣቡኡ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሰናይት ዘርእጋብር ግልወት፡ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ የውሃንስ ረዳእ ዘርኣይ ደገ ምስ ከደ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ንልዕሊ 17 ዓመታ ስለዝተጸበኹ ቃልኪዳነይ ክወርደለይ ስለዝበላ፣ ን14/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ ቶማስ ጸጋይ ገብረገርግሽ ደስታ፡ ኣቦይ ጸጋይ ገብረገርግሽ ደስታ ስለዝሞተ፡ ኣነ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ርግኣት ብርሃነ ገብረሂወትን ተኸሳሲ ኣቶ ሓጎስ ቀሺ ብርሃነን ተኸሳሲ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ንኣስታት 3 ግዜ መጸዋዕታ ተላኢኹልካ ክትቀርብ ስለዘይከኣልካ፡ ነዚ ቀሪቡልካ ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ ን6/10/14 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። ምስዘይትቐርብ ኣብ ዘየለኻሉ ናብ ዘመድ ሽማግለታት ተመሪሑ ኣድላዪ ዘበለ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ዓወት ገብረትንሳኤ ዑቕበ፡ ኣደና ነብያት የውሃንስ ተስፋጋብር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተብርሃን ካሕሳይ እምነቱ በዓል ቤተይ ኣቶ ረዘነ ሰለሙን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


# Hamelmalo Agricultural College Admission Office

During the Academic year 2014/15; Hamelmalo Agricultural College will continue offering M.Sc program in the following fields of specializations:

1. Applied Soil Science
2. Agronomy
3. Horticulture
4. Sustainable Livestock Production
5. Plant Protection

Applicants must fulfill the following requirements:

1. Have a Cumulative Grade Point Average (CGPA) of 2.75 or above or Major Grade Point Average of 2.75 and CGPA of 2.50 or above;
2. Present English proficiency test for applicants with undergraduate degree from universities or institutions whose medium of instruction is not English;
3. Submit three letters of recommendation: one from a current or recent employer, and two letters from former academic instructors;
4. Must certify that they possess adequate financial support to cover fees for application, registration, tuition, and other maintenance requirements;

Interested candidates can collect application forms from the office of the Postgraduate Program at HAC, Hamelmalo, starting from August 25, 2014 during office hours.
Admitted applicants will be notified within 15 days from the application date.

Hamelmalo Agricultural College
P.O.Box 397
Tele: 291-1-401229
Fax 291-1-40158




# ንጨረታ ዝቐርብ ዘሎ ናይ ወርሒ እምኒ

ካብ ወርሒ ዝመጸ ዓብዩ ፍንጫል ከውሒ ብ380 ሽሕ ዶላር ኣብ ዝቐልጠፈ ንጨረታ ክወርድ ምዃኑ ተሓቢሩ።


እቲ 'ዳር ኣል ጋኒ 1058' ዝብል መጸውዒ ስም ዘለዎ ፍንጫል ከውሒ፣ ናይ ሓደ ካብ ወርሒ ዝወደቐ እምኒ ሜትዮር ጭላፍ ምዃኑ ተመራመርቲ ይገልጹ።

እቲ ንፍንጫል ከውሒ፣ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለው ናይ ወርሒ ፍንጫል ኣኻውሕ መበል ራብዓይ ዝዓበየ ምዃናኡን ተፈሊጡ።

ነቲ ፍንጫል ከውሒ በዞን ልዑል መኽሰብ ዘለወን ቤተ ማዘክር ክውሃን ትጽቢት'ኳ እንተሎ ኣብ ወርሒ ዝገደሱ ሃብታማት ውልቀሰባት ድማ ክዕድግዎ ከም ዝኽእሉ ይግመት።



# ስኮትላንድ፡ ጥንታዊ መንበሪ ገዛ ተረኺቡ



ስኮትላንዳውያን ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ ብዝገበርዎ ኩዕታ ቀዳሞት ስኮትላንዳውያን ይቕመጥሉ ምንባሮም ዝገለጽዎ 10 ሽሕ ዓመት ዕድመ ዘለዎ መንበሪ ገዛ ከም ዝረኸቡ ተገሊጹ።

ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ ነቲ እቲ ጥንታዊ መንበሪ ገዛ ኣብቲ ቦታ ሓድሽ መሰጋገሪ ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ምቅርራብ ከም ዝረኸብዎ ብምሕባር፣ ኣብ ዘመን 'መሶሊቲክ' ከም ዝተሃንጸ ገሊጾም። እቲ ከባቢ ኣብ ደቡብ ስኮትላንድ ዝርከብ ኤችሊን ዝተባህለ ዓሌት ደቂሱብ ዝቕመጥሉ ዝነበሩ ብምንባሮም ከኣ፣ ናታቶም ሰፈር ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚኖም።

ኣብቲ መንበሪ ገዛ ከም ሸውዓተ ሜትሮ ዝቑመቱ ክቦዊ ቅርጺ ዘለዎ ዝፈረሰ መሰጋገሪ መጋርያ፣ ኣስሒታትን ርእሲ ኩናትን ዝኣመሰሉ ኣሰራት ከም ዝተረኽበ'ውን እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ሓቢሮም።

መራሒ ናይታ ጉጅለ እቲ ፍርስራስ ህንጻታት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መንደቑ ነኳላት ዘለዎ ኮይኑ፣ ኣሰራርሕኡ ንመንደቑን ናሕስን ናይቲ ህንጻ ዝሕግዝ ናይ ዕንጨይቲ ወርወር እናመሳቐሉ ከም ኣጉዶ ብስዕሪ ሸፈኖም ይሃንጽዎ ከም ዝነበሩ ኣረዲኡ። ከምኡ'ውን ኣብቲ መንበሪ ገዛ ብዙሕ ቅራፍ ገረብ ሀይዘል (ቀይሕ ቡናዊ ገረብ) ስለዝረኸቡ፣ ገረብ ሀይዘል ነቶም ኣብቲ ህንጻታት ዝቕመጡ ዝነበሩ ሰባት ቀንዲ ምንጪ መግቦም ነይሩ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓቢሩ።

እቲ መንበሪ ገዛውቲ ዓመት ምሉእ ዝቕመጥሉ ዝነበሩ ዘይኮነስ ወቕታዊ ማለት ኣብ ግዜ ሓጋይ ይሰፍርዎ ኣብ ግዜ ክረምቲ ግን ጉዳፎም ናብ ካልእ ይስግሩ ከም ዝነበሩ እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

ስኮትላንዳውያን ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ፡ ብዝሓለፈ ብዝረኸብዎ ዘለዉ ስነ-ጥንታዊን መሳርሒታት ዘመን እምኒን ከም መርትዖታት እናተጠቐሙ፣ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ኣሰራት ንምርካብ ጻዕርታት ኣብ ምኽያድ'ዮም ዘለዉ። እዚ ሕጂ ረኺቦሞ ዘለው ሓበሬታ ድማ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ዝረኸብዎ ምቅልቃል ሓበሬታታት ኣዛሚዶም ብዛዕባ ዘመን መሶሊቲክ እኹል ስእሊ ንምርካብ ክሕግዞም ተስፋ ይገብሩ።

# ካብ ኣርተፊሻል ቆጽሊ ነዳዲ ክስራሕ?

ሳይንቲስት ዓዲ እንግሊዝ ብሓደሽ ኣገባብ ጽማረ-ብርሃን ናይ መኪና ነዳዲ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ ገሊጾም። ጽማረ-ብርሃን ኣታኽልቲ ብሓገዝ ናይ ጸሓይ ብርሃን መግቦም ክዳልዉሉ ዝኽእሉሎም ፍሉይ ክእለት ኮይኑ፣ እዞም ተመራመርቲ ድማ ብመገዲ ጽማረ-ብርሃን፣ ካብ ኣርተፊሻል ቆጽሊ፣ መካይንን ነፈርቲን ከንቀሳቕስ ዝኽእል ነዳዲ ክዳልው'ዮም ተበጊሶም ዘለው።

"ኣታኽልቲ ብርሃን ጸሓይ ተጠቒሞም'ዮም መግቦም (ጸዓት) ዘዳልው። ንሕና ግን ኣብ ክንዲ ጸሓይ ብርሃን፣ ኤሌክትሪክ ተጠቒምና ኢና ነዳዲ ክንሰርሕ መደብና ዘለና" ይብል ሓላፊ ናይታ ምርምር እተካይድ ጉጅለ ፕሮፈሰር ሪቻርድ ኮገደል።

ንሱ ኣስዒቡ፡ "ዕላማና ከም ኣታኽልቲ ካብ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ኦርጋኒክ ነገራት ክፍሪ ዚይክእሉ፣ በቶም ጽማረ-ብርሃን (photosynthesis) ዝግበሩ ባክተርያታት ጋዞርና ሃይድሮጅንን ካርቦንን ዘለዎ (ሃይድሮካርቦን) ነዳዲ ክንሰርሕ'ዩ" ይብል።

እቲ ካብ ኣርተፊሻል ቆጽሊ ዝዳሎ ነዳዲ፣ ንዝመጽእ ሳላሳ ዓመታት ከም ሓደሽ ሓምላይ ጸዓት ኮይኑ መራኸቢን ኣየራትን ከንቀሳቕሰን ጸገማት ጸዓትን ክፈትሕን ተስፋ ተገቢሩሉ ምህላው ዝሓበረ ፕሮፈሰር ሪቻርድ፡ ኣብጊሶሞ ዘለው ፕሮጀክት ደገፍ መንግስቲ ብሪጣንያ ረኺቡ ከም ዝሎን ዛጊት ክሳብ ሰለስተ ሚልዮን ፓውንድ ገንዘባዊ ሓገዝ ከም ዝረኸበን ኣረዲኡ።

እዚ ምርምር ቅድሚ ሕጂ ብመገዲ ጸሓይ ብርሃን ተፈቲኑ'ኳ እንተነበረ ዝንኣድ ወጽኢት ግን ኣየመዝገበን። ሕጂ ግን እቲ መስርሕ ኣብ ክንዲ ብጸሓይ ብርሃን ብኤሌክትሪክ ክየበር ከም ዝኽእል ተፈሊጡ ስለዘሎ፡ ኣድማዒ ወጽእቲ ክርከቦ ልዑል እምነት ከም ዘለዎም እቶም ተመራመርቲ ይገልጹ።


ፕሮፈሰር ሪቻርድ ኮገደል፡ ዝመጽእ ክልተ ዓመታት ነቲ ነዳዲ ዝሰርሕሉ ቴክኖሎጂ ኣብ ምምዕባል ከም ዝሕልፍዎ ብምጥቃሱ፡ ኣብ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመት ግን ብንእሽቶ መልክዕ ተግባራዊ ወጽኢት ምርካቦም ከርእዩ ተስፋኦ ይገልጽ።

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ዝጠዘሉ ምንጪ ተሓደስቲ ጸዓት፡ ኤሌክትሪክሲቲ ኣብ ምቕያሮም ዝዓበየ ብደሆ ኮይኑ ይርከብ፣ ጸቡቕ ኣገባብ ኣተዓቓቕባ ኤሌክትሪክ ዘይምህላውን ነቲ ኣብ ዓለምና ቀጻልነቱ ዘይውሕስ ኮይኑ ዘሎ ጸዓት ኤሌክትሪክሲቲ ተደሚሩዎን ከኣ፡ ንዓለምና መሰረታዊ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ጸዓት ኣብ ምርካብ ዓቕቡት ኮይኑ ከም ዝርከብ ፕሮፈሰር ሪቻርድ የረድእ።

"ውሕሉል ኣተዓቓቕባ ኤሌክትሪክ ክሳብ ዘይከኣልና፡ ውሑስ ነዳዲ ከረጋግጽ ዘይሕሰብ'ዩ" ዝበለ ፕሮፈሰር ሪቻርድ፡ ቅድሚ ነዳዲ ተወዲኡ ኣብ መካበርዎ ጸገም ምስዓብ፡ ብፍላይ ንመጓዓዝያ ነፈርቲን መራኽብን ዝኸውን ተሓዲሰን ተተካእን ሓፈስ ነዳዲ (ጸዓት) ብቐልጡፍ ክፍጠር ከም ዘዮጉእ ከኣ ኣተሓሳሰበ።



# ሞባይል ቴለፎናት ሰሪ ቲሞር ክኾና ከምዝኽእላ ተገሊጹ




ተንቀሳቓሲቲ ቴለፎናት ሰሪ ናይ ሓንጎል ጥረ (ቲሞር) ክኾና ከምዝኽእላ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢጣልያ ገሊጹ። ላዕለዋት ቤት ፍርዲ ኢጣልያ'ዚ ዝገለጹ፡ ናይ ሓንጎል ጥረ ዝሓዘበል ዜጋ'ታ ሃገር ጠንቂ ሕማሙ ብክኢላታት ንክጽረ ብዘመሓላለፎ ትእዛዝ፡ እቲ ምኽንያት እቲ ኢጣልያዊ ንነዊሕ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀም ስለዝነበረ ምዃኑ ዝገልጽ ወጽኢት ብምርካቡ'ዩ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢጣልያ ኣስዒቡ፡ ጠንቂ ጥረ ሓንጎል ናይቲ መንእሰይ ምሉእ ብምሉእ ነታ ሞባይሉ ከምዝኾነት ኣፍሊጡ።

ኣብ ንግዲ ዓለም ዝተዋፈረ ማርኮሊኒ ዝተባህለ ወዲ 60 ዓመት ኢጣልያዊ፡ ናይ ሓንጎል ጥረ ክሓዞም ዝኽኣለ ኣብ ስራሑ ን12 ዓመታት ዝኣክል መዓልቲ ንሽዱሽተ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀም ስለዝነበረ ምዃኑ ነቲ መርመራ ዘካየድዎ ክኢላታት ገሊጾም።

ንሱ'ዩ፡ ኣብቲ ንቤት ፍርዲ ዝቐረብዎ መርትዖታቶም፡ ካብ ሞባይል ዝወጽእ ጸርጊ ኤሌክትሮ ማግነቲክ ንናይ ሓንጎል ዋህዮታት ከምዝሃሱ ጠቒሶምዎ፡ ማርኮሊ ክሕመም ዝኽኣለ ብዚይ ምቁራጽ ን12 ዓመታት ኣብ መዓልቲ ሽዱሽተ ሰዓታት ብሞባይል ይዛረብ ስለዝነበረ ምዃኑ ኣብሪሆም።

ማርኮሊ ንውጺት ናይቲ መጽናዕቲ ምሉእ ብምሉእ ብቐባሉ፡ ጠንቂ ሕማሙ ንዊሕ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀም ስለዝነበረ ምዃኑ ንኹሉ ሰብ ክነግር ከምዝለዎ ብምምልካት፡ ብዚይ ዕረፍቲ ሞባይል ዝጥቀሙ ደቂ ዘለውዎም ወለዲ ድማ ደቆም ኣብ ሓደጋ ከምዘለዎ ክፈልጡ ከምዝዮጉእ ኣዘኻኺሩ።




# ኣተባባዒ ንክኸውን

መዓልቲ ናጽነት ደሚቑ ንኽበዓል ዓመት መጸ ዝተፈላለየ መደባት ከምዝወጻእን ከምዝቐርብን ይፍለጥ። እዚ ክቡር ኣጋጣሚ ብምግባር ኣብ ጋዜጣ ዝዳሎ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ዕላማኡ ከም ርዱእ ተወሰዱ ኣብቲ ኣብ መውዳእታ ንዕወታት ብዕጫ ፈሊኻ ዝግበር ምዕዳል ሽልማት ዕቃብታት ኣሎዋ። ከመይሲ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት መዓልታዊ ጋዜጣ እናገዝኡን እናተኸታተሉን ተገዲሶም ዝመለሱ ብዚያዳ ከኣ ምሉእ መልሲ ዝረኸቡ ብቑጽሪ 122 ተሳተፍቲ ኩሎም ዕወታት እዮም።

ንኹሎም ካብራዊ መተባብዒ ምዕዳል ብዓይኒ ወጻኢታት ከቢድ ክኸውን ስለዝኽእል ብዋዕሪ እውን ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ኑዩም ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ዝዋሀቦም መተባብዒ ከምዘወሃብ ብምግባር ኑዩም ዝተረፉ ዝበዝሑ ዕወታት ምስ ዝመልከተን ትካላት ሚ/ዜና፣ ሚ/ቱሪዝም፣ ኩባንያ ሓራትን ካልኦትን ብምውህሃድ ዑደት ናብ ታሪኻውያን ቦታታት - ዋላ ቀዳምን ሰንበትን ከምዝግበሩ እንተዝግበር ጽቡቕ ነይሩ። ወጻኢታቱ ኣዝዩ ዝኸበድ ኮይኑ እንተተረኺቡ ከኣ ንፍናወጠፍ ዕውት ወረቐት ምስክር እንተዝዕደሎ ንዕኡ ዘረስርስ ንቕጻሊ ከኣ ኣተባባዒ ምኾነ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ። ስለዚ እዚ ኣብ ዝቕጽል ሚ/ዜና ይሕሰበሉ እብል።

ብርሃ ኣብርሃም
ማ/ወ/ስልጠና ሚሰጥር

# ሱብ ዓረብያ ፈረስ - 15 ዕጽፊ ዋጋ ንፈሰቶ ማይ!

ማይጭሆት ብመሸጣ ማይ ልሉይ ከባቢ እዩ። እዞም ካብን ናብን ክጻፍዑ ጸሓይ ትዓርቦም ሱብ ዓረብያ ፈረስ ሓደ ካብቲ ማይ ዝሻየጡሉ ጉዛውቲ እዚ ከባቢ እዩ። ሱብ ካሮሳ እዚ ከባቢ ክዕንደሩሉን ገንዘብ ክግሕጡሉን ካብ ዝረኣዩ ዓመታት ኣቝጺሮም ምህላዎም ዳርጋ ዘይፈልጥ የለን። እተን ማይ ዝሸጣ ጉዛውቲ ኣብ ፋሕ ዝበለ ጎደናታት ዝርከባ ኮይነን ገሊኣን ግና ኣብ ሓደ ጎደና ዝሸጣ እየን። ኣብ ጎደና ባሕሪ ባራ ክልተ ፊት ንፊት ዝጠማመታ ማይ ዝሸጣ ሰድራቤታት ዘለዋ ከም ኣብኦት እንተወሰድና፣ ንሓደ ፈሰቶ ብ10 ናቕፋ ብጀነሬተር ድማ ክሳብ 25 ናቕፋ ክሸጥኦ ይረኣያ። እዚ ኑዩም ብሳላኣን ዝሞንጉዱ ሱብ ዓረብያ ፈረስን መኪይንን ዝሸጣሎም ዋጋ እዩ።

ይመልኣዮ ደኣ'ምበር ብማይ ክራማት ፈሰቶታትና ክንመልእ ቅድሚ ምጅማርና ወርሒ ኣቢሉ ይጉብር ዝክር ስለዝነበረና ኣብ ከባቢ ማርኑቶ ምስውሳው ዝብል ንዝነበረ በዓል ዓረብያ ፈረስ ብምድሃይ "ጉዳይ ኣልዩኺ ኮይኑስ ክንደይ ኢኻ ትሸጦ እዚ ማይ?" ብህንጡይነት ተወከስክዎ። ዓይኑ ከይሓሰየ "200 ናቕፋ" ድሕሪ ምባል "ጉዛኺ ኸ ኣበይ እዩ?" ዝብል ሕቶ ኣኸዝኸዘለይ። ጉዛይ ሰምባል ምኳኑ ድሕሪ ምሕባር" ንኽልተ ፈሰቶስ 200 ናቕፋ!" በልኩዎ ርእሰይ እናሓዝኩ። "እሞ የለኽን! እዚ ዋጋ'ዚ ዘይትፈልጠ! ደሓር ድማ ካብ ማይጭሆት እኮ እየ ኣምጺአዮ ጉዛኺ ኣብዚ መሰሉኒ እምበር ሰምባል እንተኾይኑስ 250 ናቕፋ ኢኺ ክትከፍሊ" ናይ መንገዲ ዚያዳ ከምዝኽፍል ንምርዳእ ዝተዛረቦ እዩ። "ገደደ!" ምስ በልኩዎ ብዛዕባ እዞም ገፊጣታት ደቂቕ ኣፍልጦ ኣዋህሊላ ብተግባራቶም ሐኒን ክትብል ዝጸንሐት ጓል እቲ ከባቢ ኣብ መንጎና ብምእታዉ "እንታይ ትካትዕዮ ኣሎኺ! ወረ እዚ 200 ናቕፋ ዝብሎ ዘሎ ማይ ጨው እዩ! ላፋ ከምዝተኻዕዋ ነዲዳ ተዛረበት። እቲ ጉዳይ ንእዝክይ ጋሻ ብምንባሩ ዝተሰምዓኒ ነድሪ እዚ ኢሉ ክገልጾ ኣይክእልን። በቃ! ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑ።

ማሳ ከይወቐዐ፣ (ክኩዓት ከሎ ማለተይ እየ) ከይገለሉን ፈሰቶታት ባዕላቶም ከይመልኡን ክንደዚ ገንዘብ ምሕታቶም ዘተሓሳስብ እዩ። እሞ ድማ ንማይ ጨው! ንሱብ ዒላታት ይሕሰሞም ፈሰቶታቶም ብኤሌትሪክን ጀነሬተርን እናመልኡሎም ክንደዚ ዋጋ እናሓተቱ ኩብዶም ዘኸስዑ እንታይ ዝጋገን ወጻኢታት ስለዘለዎም እዮም? ቀለብ ናይ ፈረስ ዲዮም ኩብሉና? ከምዚ ዝኣመሰለ ፍትው ዝኾነ መሸጣ እናካየዱ እሕሕ. . . ! ዝብሎም ኣካል ከ የለን ድዩ? እዚ ዝካየድ ዘሎ ደረቱ ዝሓለፎ መሸጣ ማይ መግትኢ ክግበረሉ እምሕጸን።

***ፍቓዱ ዓይናም ካብ ሰምባል***
***ተመሃሪ ዑመር ከሊፋ***
***ካብ ማርኑቶ***

# ሱበዑ - ክረምቲ መጸ ወትሩ ኣብ ስግኣት

ብዛዕባ ሱበዑ እየ ክዛረብ። ንሳ ካብ ሓውሲ ከተማ እንዳ ገርግስ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስታት 11 ኪ.ሜ ርሒቓ ኣብ ንእሽ ዞባ ዓዲኳላ እትርከብ ዓዲ እያ። ሓንቲ ናይ ብሕቲ ፋርማሲ ኣብ ውሽጢ እዛ ዓዲ ከምዘላን ኣበርክቶኣ ድማ ዝኣኣስ ከምዘይኮነን ንኣምን። ይኹን እምበር ነርቲ እቲ ዓዲ ብቐረባ ሕክምናዊ ረዲኤት ዝረኽቡሉ ክሊኒክ የለን። ስለዝኾነ ዓሶ ዝሓመመ፣ ነፍሰጾራትን ህጻናትን ብቐጻሊ ክሸገሩ ኢኻ ትርኢ።

ሱበዑ ኣብ እዋን ክረምቲ ዓሶ ብዝበዝሐ ዝረኣየላ ዓዲ ከም ምኳና መጠን ሰኽፍታኻ ጥርዚ ይበጽሕ። ሓንቲ ስድራ ኣባላ ብኸቢድ ሓሚሙ ኣብ ዝዋልኣሉ ናብ መደበር ጥዕና ሓውሲ ከተማ እንዳ ገርግስን ሆስፒታል ዓዲኳላን ክሳብ ዝበጽሕ ኣዝያ እያ ትዋጠር። ብፍላይ ጥር ትብል ሳንቲም ዘይብላ ስድራቤት ትሕዝን ትጭብጦን ክሳብ ትሰእን እያ ትኸውን።

ህዝቢ ሱበዑ ምስቲ ጸዕቕ፣ ኣህላኺ ናይ ክራማት ወቕቲ ምስ ምቕላቃል ሕማም ዓሶ ተጠቃዒ ናይሲ ኣሰጋኢ ሕማም ከይከውን ዓቢ ስግኣት እዩ ዘለና።

ኩልና ከም ዘይንስሕቶ መቸም ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ትካል ጥዕና ወይ ቤት ትምህርቲ ዘይብላ ዓዲ ትካሰ'ያ። ስለዚ ድማ ሱበዑ ብፍላይ ኣብ መዳይ ትካል ጥዕና ንዕኣን ከማኣ ምሕጽንታይ ኣቕርብ።

ጣሃ ኑር ኣማን
ዓዲቐይሕ

# ዓይኒ ዘይብሉ ክፍሊት ኣይበዝሐንዶ?

መጎዓዝያ ኣውቶቡስ ኣስመራ - ማይምን፣ ዓዲኳላ -ማይምን ከም ተጎዓዛይ ብቐጻሊ ዝመላለሰሉ መስመር እዩ። በዚ መስመር ብናይ ግሊ መጎዓዝያ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ብመገዲ መራሕ መኪና ይኹን ፎቶሪና እቲ ዝሕተቶ ክፍሊት ናይ ዕጽፍታት ዕጽፊ እዩ። ቡቲ ልክዕ ታሪፍ ድማ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን ከፊለ ኣይፈልጥን።

ብመሰረት ተሰሊዑ ዘሎ ዋጋ እቲ ክፍሊት 53 ናቕፋ እዩ። ኣብቲ ዝዕደለና ቅብሊት ድማ 53 ናቕፋ እዩ ዝውቀጥ። እቲ ክንከፍል እንሕተቶ ገንዘብ ግና 100 ናቕፋ እዩ!! መስመር ዓዲኳላ - ማይምን ካብ ኣስመራ ዝቐረበ ክንሱ ተሳፋሪ ኣብ ትኬት 30 ናቕፋ ይጸሓፈሉ፣ ዝምልጠጦ ግና ካልእ እዩ። በቃ ከም ሓጥያቶምን ሃገፍነፎምን! ክሳብ 250 ናቕፋ ዝበጽሓሉ ብፍላይ ድማ ብዘይምዱባት ሚኒባሳት እንሕተተሉ ግዜያት ኣሎ። እዚ ተኸፊሉለይ ድማ ኣግጢሕካን ረዲኻን መቐመጢኻ ሒዝካ ትጎዓዘሉ እንተዝኸውንከ መዓስ ተጸሊኡ? እንዳገርግስ ምስ ሓለፍካ ሰሲሒብካ ብዘጻዓን ሱብ ኑዛ መተንፈሲ ክሳብ እትሰእን ኢኻ እትኸውን። ገንዘብካ ስኢንካስ ጥዕናኻ ድማ! ኣብዚን ጠቒሰየን ዘሎኹ ክልተ መስመራት ወሃንቲ ናይ ግሊ ኣውቶቡስ (ሚኒባስ) ዝሓትዎ ዘለዉ ክፍሊት ዓይኒ ዘይብሉ ብምኳኑ ዝምልከቶ ኣካል ጥቡቕ ቁጽጽር ክገብረሉ፣ ኑዩም ከም ሓጥያቶም ዝሽራደዱ ዘለዉ ድማ እኪይ ግብሮም ብሰማይ ሰፍ ዘይብል መቕጻዕቲ ክብይነሎም ክሕብር እደሊ።

***ዘርኣ ዑቕበ***
***ተማ.ኮሌጅ ማይ ነፍሒ***

# ሓላፊ እንተገሸ ሰራሕኪ ምስኡ ደዩ ዝገይሽ?

ኣብ ውሑድ ዘይኮነ ኣብያተ ጽሕፈት ዝርአ ቀጽሪ፥ ህንጻ፣ ኣብያተ ጽሕፈት ተገልገልቲ ተኣኪቦምን ተኣጉዶምን ዝጸንሑሉ እዋናት ውሑድ ኣይኮነን። ተገልገልቲ በብዝመጹሉ ጉዳይ ኣምሪሮም ክዛረቡ፣ ከዕዘምዝሙ ትሰምዓሉ እውን ብዙሕ እዩ። ኩነታቶም ከተጣይቕ ብዘተወከስካሉ ድማ ክሳብ ጸገርም ክገጽዩ እናደለዩ "ክንጽበ መዓልታት ኣቝጺርና! ጉዳይና ዝፍጽመልና ሰኢንና!" ዝብል ምላሽ ይህቡኻ። ዝበዝሐ ካብቲ ምኽንያታት ከኣ "ሓላፊ/ት የላን! ገይሹ/ሻ ኣሎ/ላ" ዝብል ጥረ መልሲ ይወሃቦ ወይ ብጹሓፊት ክሳብ ብዋርድያ። እዚኣተን ካብተን ንተገልገልቲ መንዘርር ዘትሕዝ ፣ንተጻዋርነት ዝፈታተና፣ ዓቐሊ ዘወድኣ መልሰታት ዲና ክንብለን ምኽኒታት እየን።

ወይ ሱብ ደቀይ! ተገልጋሊ ካብ ርሑቕን ቀረባን ተጓዒዙ ዝመጽእ፣ እሞ ድማ ሰርሑን ሓዳሩን ኣወዚፉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ከም መቐመጢ ዋንጫ ክዕድን ቋሕማም ክብል ክቐንን ከሎ ከመይ ዘንዘርጽር! እቲ ምንታይ ኣብ ሓዳሩን ሰርሑን ከቢድ ሃሰያ ስለዝወርዶ። እታ ተታሒዛ ዘላ መፍትሕ ቤት ጽሕፈት መፍትሕ ህዝቢ ምኳና ከመይ ኣቢላ ትሰሓት? ዓጉብ! ቤትጽሕፈት ረጨንካ (ረጊጥካ) ኪድ ዝብል መምርሒ ዘትሕዝ ቤት ጽሕፈት ብርግጽ የለን! ሰራሕ ምስ ተወድአ ናይ ቀረባ ወይ ሓጺር ናይ ሰራሕ ምንቅስቓስ ዝግበር ምዕጻው ንብር ክኸውን ይኽእል እዩ፤ንመዓልታት ቤትጽሕፈት ዓጺኻ ምጋሽ ግና ነውሪ!

ዘይምኽኑይ መገሻታት ናይ ገለ ሓለፍቲ ከም ዝዘውተር ሓፋሽ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፤እዚ መሰደመም ኢልናሞ ንሕለፎ። ኣብቲ ምኽኑይ ዝበሃል ናይ ስራሕ መገሻ ኣተኩርና እንተተዛረብና ገለ ገለ ሓለፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት ወኪል ከይገደፉ ስለዝገሹ ተገልገልቲ ኣደዳ ቀንፈዘው ክኾኑ ትርኢ። ብዓበኡ ድማ ቤት ጽሕፈት ኩብደል ተሰተብህል። ብሽንኪ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ተገልገልትን ቤትጽሕፈትን ይብደሉ ከምዘለዉ ኣዕዕዲያም እናፈለጡ ከኣ ክዮጦም ኣይትርእይን። ከም ግምተይ ብሰለስተ ምኽንያት እዮም መፍትሒም ሐዞም ክኸዱ ዝረኣዩን ወኪል ከይገደፉ ክምርቀፉ ዝመርጹን፤ሓደ፣ ምስ ተገልገልቲ ፊት ንፊት ክገጥሙ ስለዘይመርጹ እቲ ካልኣይ ኣብ ልዕሊ ተገልገልቲ ሓልዮትን ድንጋጸን ዘይምህላው እቲ ሳልሳይ ከኣ ብቕዓት ኣብ ትሕቲኦም ናይ ዘለዉ ኣባላት ከይጎልሕ ብምስጋእ ካብ ርእሰ ምትሓት ዝቕል ብደይ መደይ ዝግበርዎ እዩ።

ዋላ እኳ ዝበዝሐ እዋናት ዝካየድ ኣኼባታት(መገሻታት) ንሓለፍቲ ጥራይ ዘሳትፍ ኮይኑ ዝውደብ እንተኾነ፣ እቲ ሓላፊ ባዕሉ ናይ ምስታፍ ባህጊ ከምዘሎዎ ክወል ኣይኮነን። በዚ ኮነ በቲ ካብ መገሻ ናብ መገሻ ክሰጉሩ እተን ናይ ስራሕ መዓልታት ገለ እዋንስ ዳርጋ ኩለን ይተሓዛ። ሓላፊ እንተገሸ ሰራሕኪ ምስኡ ይገይሽ ዲዩ? ተግባራቶም ከኣ "ኣናህብ እንተወፈሩስ መዓር ዶ'ሞ ምስኦቶም ወፊሩ እዩ?" ዝብል ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ኣበሃህላ ወለዲ የዘኻኽርና። ቤትጽሕፈት ሓላፊ ዝሰርሓሉ ክፍሊ እኳ እንተኾነ ናይ ህዝቢ ምኳኑ ግን ክዘንጋዕ ኣይግባእን።

**ልሳን ካብ ባረንቱ**

# ፋኛቱራታት ቦንድ ኣቓልቦ ይወሃቦ

ኣብ ቀረባ እዋን ሓደ ኣሰቃቒ ሞት ናይ ክልተ ኣሕዋት ኣጓኒፉ ምንባሩ ይዝከር። ኣልማዕቲ ንጀርዲን ከሰትዩ ማንዋል ፋኛቱራ ከፊቶም ቺቦላ ከዐርዩ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ብዝወሓዘ ብርቱዕ ውሕጅ ንኽልቲኦም ኣሕዋት ዘጋጠመ ድንገት እዩ። ንኹሉ ዘሕዘነ ድንገት! ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ተኸቲልካ ዝካየድ ልምዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ኣልማዕትን ከቢድ ሳዕቤን ዘኸትል ምኳኑ ኣየካትዕን። እቲ ምንታይ እቲ ቢንቶታት ይኹን ፋኛቱራታት፣ ማንዋላት ክንደይ ወጻኢታት ዝተገብረሉ ስራሕ ክነሱ ይዓኑ ብምህላዉን ኣድማዕነቱ ይርአ ስለዘየለን። ብውሑዳት ኣልማዕቲ ኢና በሃልቲ ወጻኢታቱ ክሸፈን ብዘይክእል ክዓኑ ከሎ ድማ ኣዝዩ እዩ ዘሕዝን። ብኻልእ ወገን ኣብዚ ቢንቶ እዚ ረሳሕ ማይ ዝፈሶ ጥዕናኡ ዘይጥቁዉ ኣዝርእቲ - ከም ሰላጣ መሳሊ ክዘርኡ ዓይኖም ይሓስዩ የለዉን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝፈሪ'ሞ ከኣ ኣብ ዕዳጋ ዝወርድን ዝዘውተርን ዘሎ ኣብ ልዕሊ ሱብን ጥሪትን ጉድኣት ከምዘውርድ ዘማትእ የብሉን።

እቲ ቦታ ንሕርሻ ምቹእ ምኳኑ ዘጠራጥር የብሉን። ካብ ማይ ኣባጅጎ ካብ ዘጠራቐም ዝናብ ወይ እውን ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተደገፈ ዝተሃደመ ዒላታት ጌርካ ንጥፈታት ከተካይድ ንጥዕና እቲ ዘለምዕ ይኹን ካብኡ ዝግልገል ተጠቃሚ ውሕስነት ዝህብ እዩ። ኣብ መደምደምታ ንፋኛቱራት ቦንድ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ኣቓልቦ ክገብሩሉ ምሕጽንታይ ኣቕርብ።

***ስምኦን ሰእላይ***
***እንዳ ቦንድ***

# “ሳዋ፡ ምእኩት ምህርቲ ዝሕፈሶ ዓውደ'ያ” 27 ዙርያ

ዓንደም ግርማይ(ወዲ-ደረስ)

ሳዋ ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት መልሚላ ናብ ሃገራዊ ልምዓትን መኸተ ወራርን ኣዋፊራ ትርከብ። ብሶላ ደማ ናጽነት ሃገር ተዋሒሱ፣ እዛ ውልዶ ሃገርና - ዋላ'ኳ ግዳማዊ ዘራጉድ ሃገራዊ መደብ ከኣ፡ ፌስቲቫል መንእሰያት ምእንጋድ እዩ። እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ዝጽንበል ፌስቲቫል'ዚ ካብ ውሽጥን ወጻእን ዝተኣኻኸቡ ተጻብኦታት በዒሁዋ ከምቲ ዝድለ እንተዘይኮነ - ብቑጠባን ህንጻትን ንቕድሚት ትግስግስ ኣላ።


ኮኾብ የሃንስ 413212

እታ መመልመሊት ብቑዕ ሰራዊት ኮይና ንጥፈታታ ብ1994 ዝጀመረት ሳዋ፡ ምስ ግዜ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ከፊታ፡ ካብ መላእ ሃገር ዝመጽኡ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ከምዝቐታተሉ ትገብር ኣላ። እቶም ተማሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ ተመዲቦም ከኣ፡ ሰሩዕ ትምህርቶም ይወስዱ። ኪንጽ'ቲ ዝቐሰምዎ ኣካዳምያውን ወተሃደራውን ትምህርቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሕድሕዳዊ ፍቕሪ፡ ልምዲ ስራሕ፡ ባህልን ስነምግባርን ከምኡ'ውን ምድላብ ሃገራውያን ቋንቋታትን ካልእን ኣብ ሳዋ ወሪዶም ዝረኽብዎ መኽሰቦት ምኽንያት ኩሎም ብሓደ ደምዒ ዝደጋግምዎ'ዩ።

እቲ ካልእ ናይ ሳዋ ብልጫ መንእሰያት ዝሳተፍዎ ኣገዳሲ ተዛራራፊ በዓል'ዩ። ሎሚ ክራማት'ውን እዚ ፌስቲቫል'ዚ ን6ይ ግዜኡ ተኻዪዱ።

ሻዱሻይ ፌስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፡ “ክብርታትና መርሓና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 18 ክሳብ 20 ሓምለ ኣብ ሳዋ ብልዑል ደምቀትን ውዕወዕ መንፈስን ከም እተጸምበለ ብዜናን ዓንቀጻትን ክትከታተልዎ ጸኒሕኩም ኣለኹም። ብዝዕባ'ዚ ድማ ንገለ ኣባላት 27 ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝገደፈሎም ስምዒትን ጦብላሕታን ከካፍሉና ተወኪስናዮም ኣለና።


የሃና ዘርኡ ኣሃዱ 232212

መጀመርታ ዘዘራረብናዮም ዶልፌን ፍጹምን መንግስ ርእሶምን'ዮም። ንሶም ንሳዋ ምስ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣነጻጺሮም ክገልጽዋ እንከለዉ፡– “ሳዋ ኣደ መንእሰያት ኤርትራ'ያ። ብሓጺሩ ሳዋ ኩሉ ነገርና እያ። ስለዝኾነ ድማ ንሳን መንእሰይን ነጻጺልካ ዘይረኣዩ ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም'ዮም። ከመይሲ ንሕና ኣብ ሳዋ መጺእና ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓደ ዓመት ዳርጋ ዘይከስብናዮ የለን። ንኣብነት፡ ቅድሚ ኣብ ሳዋ ምምጻእና ዘይነበረና ኣመለኻኽታን ፍልጠትን ካብ መማህርትና ወሲኽና። ንሶም'ውን ካብና ብዙሕ ነገር ቀሲሞም። ካብ ሰድራናን ዝጸበናሉ ከባቢ ማሕበራዊ ስለእንመሃር ኑብስና ብፍልጠት ከነማዕብል ንፍትን። ኣብ ባህሪ መጺእካ'ውን ንሕና እቲ ካብ ገዛና ዘምጻእናዮ ሓዲግና፡ ምስ ካብ ዝተፈላለያ ዞባታት ዝመጹ ዝተፈላለየ ብሄርን ቋንቋን ዘለዎም ኣሕዋትና ተላሊና። ባህሪኦም ከለልን ክንፈልጥን፡ ንሶም'ውን ባህርና ክፈልጡን ከለልዩን በቒዕና፡ በቒዖም” ኢሎም።

ብዛዕባ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ኣብ ሳዋ ምኽያዱ ድማ፡ እቲ መደብ ብቐንዱ ንመንእሰያት ዝዓለመ ምዃኑ ጠቒሶም፡ እዚ ስጉምቲ ዓቢ ረብሓ ከምዘለዎ ብምምልካት፡ ተማሃሮ ምስቶም ኣብ መጺኦታን ማእከላይን ደረጃ መማህርቶም ዝነበሩ'ሞ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ተፈላልዮም ጸኒሖም፡ ድሕሪ ዓመታት ኣብ ከምዚ ዝበለ ምዕሩግ ኣጋጣሚ ኣብ ሳዋ ክራኸቡ ምኽኣሎም ፍሉይ ባህታ ከምዝፈጠረሎም ኣረዲኦም። ፌስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፡ ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ኑቶም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ዜጋታት፡ ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር እንነብር ሓብሮም ተሓጊሶም ክቐንዩ ዘኽኣሎም ዘኹርዕ ሃገራዊ መደብ ምዃኑ ብምጥቃስ ከኣ፡ ኣብ ቀጻሊ ብዝለዓለ ደምቀትን ውዳበን ክጽንበል ድማ ተላብዮም።


ቀጺልና ዘዘራረብናዮም ኮኾብ የሃንስ፡ ፍርቱና ኤልያስን የሃና ዘርኡን'ዮም። ንሶም ብወገኖም፡ ሳዋ ንዕኦም ከም ሓንቲ ብልጽቲ ቦታ ናይ ዓውደ-ፍልጠት ከምኡ'ውን ምስ ብዙሓት ሰባት እተላልን ተመኩሮታት ህይወት ብቐሊሉ ክትለዋወጦ ዝቐለለትን ቦታ ምዃና መስኪሮም። ብዘይካ'ዚ ንመጀመርታ ካብ ሰድራኦም ተፈልዮም ናይ መጻኢ ህይወቶም ከምዝመርሑ መሰረት እምነ ኩርናዕ ክትትከሎም ጸኒዕ እምንቶ ከምዝለዎም ጠቒሶም ድማ፡ ናብ ሰድራኦም ምስ ተመልሱ ኑቶም ብድሕሪኦም ዝመጹ ኣሕዋቶም ብዛዕባ መቐረት ሳዋ ክትርኽሉም ምዃኖም ኣስሚሮምሉ።

ኑቲ ኣብ ቅነ'ቲ ፌስቲቫል ዝቐረበ ስነ ጥበባውን ካልእን ፍርያት ኣመልኪቶም ድማ፡ ፌስቲቫል ሳዋ፡ ከም ወትሩ ብኣዝዩ ጸቡቕ መንፈስን ጥሙር ሓድነትን ምዝዛሙ ከም ዘሐጎሶም ብምሕባር፡ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፡ ካብቲ ኣብ ኣስመራ ዝበዓል ሃገራዊ ፌስቲቫል ዝፈልየ፡ ብፍላይ መንእሰያት ዝሳተፍዎን ነፍሲ ወከፍ መንእሰይ ኣብዚ ተራኺቡ ኣብ ነንሕድሕዱ ተመኩሮ ክለዋወጥ ባይታ ዘጣጥሕን ምኻኑ ኣረዲኦም።


ፍሩቱና ኤልያስ ኣሃዱ 313322

ኣፍሊጦምና ኣለው፡ ንሕና'ውን ከምኡ። ስለዚ ዝተፈላለየ ባህላዊ ምርኢት፡ ኤግዚቢሽን፡ ቀላሕታ ዝደልዩ ብዙሓት ናይ ምህዞን ሰንዓን ስርሓትን ተዓዚብና” ኢሎም።

ካልእ በዚ ኣጋጣሚ ክጥቀስ ዝግብኦ፡ ንሓፈሻዊ ንጥፈት ተማሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ዝምልከት'ዩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ናብ መንበሪኦን ተዛዊርና ነይርና። ኑቲ ዝተዓዘብናዮ ከኣ ትም


ዶልፌን ፍጹም 211222

“ሳዋ መንእሰያት ትሸዓተአን ብሄራት ምስ ዝውንኑዎ፡ ባህልን ልምድን፡ ቋንቋን ተመኩሮን ዝቐረበሉ ዓብይ መኣድን ምእኩት ምህርቲ ዝሕፈሶ ዓውድን'ያ” ዝበሉ እቶም ተማሃሮ፡ ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ሎሚ ዓመት፡ ንዕኦም ንቕጻሊ መሃርቲ ዝኾኑ ፍርያት ክዕዘቡ ከምዝኸኣሉ ኣረዲኦም። “ዘይትፈልጦ ካብ ዝፈልጡ ክትፈልጥ ግድን'ዩ። ስለዚ ኑቲ ዘይንፈልጦ እቶም ዝፈልጥዎ ኢልና ክንሓልፎ ኣይደለናን። ስለዚ ንገለ ካብቲ ዝተዓዘብናዮ ኣገዳሲ ኩይኑ ስለዝተራኣየና ምጥቃሱ መሪጽና። ንሱ ከኣ ማዕረ-ማዕረ ኣካዳምያዊ ትምህርተንን ካልእን ዝገበራኦም ዝተፈላለዩ ስርሓት ኢደ-ጥበብ'ዩ። ብኸምዚ ዝፈረዩ ብዓይነትን ብዝሕን ዝደነቑ ረቂቕ ጥበባትን ውሕልነት ዝሓለፎም ብርክት ዝበሉ ስርሓት ተዓዚብና። ጸብ ስቲና ከኣ ተመሊስና።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ሮጀርስ ንቅዲ ባን ሃል ከምዝጥቀም ሓቢሩ


ብሰኑይ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ኢንተርናሽናል፡ ማን ዩናይትድ ምስ ሊቨርፑል ገጢማ ነይራ። እታ ንኣሰልጣኒ ባን ሃል ዝቖጸረት ማንቸስተራዊት ክለብ ደማ 3ብ1 ተዓዊታ።

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ብረንዳን ሮጀርስ፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞኡ ንቕድታት ሉዊስ ባን ሃል ይጥቀም ከምዝነበረ ኣረዲኡ።

ሮጀርስ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ቀንዲ መቐናቕንቲ ባን ሃል ኮይኑ ኣሎ። "ምዕላም ተጻወትቲ ምስ እትጀምር፡ ሓያለ ኣሰልጠንቲ ንዘኽተልዎ ቅዲ ምዕዛብ ኣገዳሲ እዩ። ራኢ፡ ፍልስፍና ከምኡ እውን ዝመርጽዎም ተጻወትቲ ገለ ካብቶም ኣተኩሮ ዝገበረሎምን ዝጥቀሱን ነጥብታት እዮም። በዚ ድማ ሉዊስ ባን ሃል ንዘኽተሎ ቅዲ ከምኡ እውን ፍልስፍና ይከታተሎ ነይረ። ንገለ ክፋል ናይቲ ዘኽተሎ ሜላ ኣጸዋውታ እውን ኣተግቢር እየ። ንሱ ምኩር እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዓቢ ኣድናቖት ኣሎኒ" ይብል ወዲ 20 ዓመት እንከሎ ብሰንኪ ዝገጠሞ መጉዳእቲ ምጽዋት ኩዕሶ እግሪ ገዲፉ ናብ ምስልጣን ዝኣተወ ሮጀርስ ።

ሮጀርስ ንክለባት ዋትፎርድ፡ ሬዲንግ፡ ስዋንሲን ሊቨርፑልን ክዕልም እንከሎ፡ ባን ሃል ድማ ንኢያክስ፡ ባርሴሎና (ክልተ ግዜ)፡ ኣልክማር፡ ባየር ሙኒክ፡ ሆላንድ (ክልተ ግዜ) ከምኡ ድማ ማን ዩናይትድ ኣልዩ።

ተወላዲ ሰሜን ኣየርላንድ ዝኾነ ወዲ 41 ዓመት ሮጀርስ፡ ኣብ ሊቨርፑል ሰር በታኻዊ ለውጢ ከምዘምጽአ ይግምገም። ንሱ፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ነታ ጋንታ ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ ብምኽኣሉ ኣብታ ክለብ ዓቢ ተቐባልነትን ኣኽብሮትን ክረክብ ኣኽኢልዎ ኣሎ። ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ድማ ምስቲ 'መምህረይ' ኢሉ ዝጽውዖ ዘሎ ወዲ 62 ዓመት ባን ሃል (ኣብ ሃገራት ሆላንድ፡ እስጳኛን ጀርመንን ተዓዊቲ ሊግ ዝኾነ እዩ) ክጥጥም እዩ።

ብሰኑይ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ኢንተርናሽናል ብባን ሃል 3ብ1 ዝተረትዐ ሮጀርስ፡ ፈላሚ ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ጸወታኡ ኣንጻር ባን ሃል፡ 13 ታሕሳስ ክኸውን እዩ።

## ደርቢ፡ ንኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ተማዒዱ

ደርቢ ካውንቲ ንኣከፋፋሊ ክለብ ሪያል ማድሪድ - ዑመር ማስካረል ብመልክዕ ልቓሕ ክተፈርሞ ኣብ ጥርዚ ምብጽሓ ሓቢራ።

እቲ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ካብ ኣካዳሚ ምስልጣን ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ ዝፈረየ ኮይኑ፡ ፈላሚ ጸወታኡ ድማ ኣብ ናይ መውዳእታ ግጥም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ምኳያዱ ይግለጽ። ደርቢ፡ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ምክፍፋል ዝጻወት ተሰላፊ ትደሊ ምህላዋ ይንገር። እዚ ዝኾነሉ፡ ኣብቲ መስመር ዝሰለፍ ጆርጅ ቶርን ብሰንኪ ኣብ ብርኩ ዝገጠሞ ማህሰይቲ ንኣስታት ትሽዓተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ብምኳኑ እዩ።

## ኪው.ፒ.ኣር ...

ኪው.ፒ.ኣር ንኣከፋፋሊ ክለብ ካርዲፍ ሲቲ ጆርዶን ሙቸ ብ6 ሚልዮን ፓውንድ ምፍራማ ኣፍሊጣ። ዝሓለፈ ዓመት፡ እቲ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ካርዲፍ ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣዩ ተጻወትቲ ኮይኑ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብዛ ሓዳስ ክለብ ክጻወት እዩ። እቲ ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ በርሚንግሃም ናብ ካርዲፍ ዝተሰጋገረ ኣከፋፋሊ፡ ብክለብ ሳንደርላንድ ካብ ነዊሕ እዋን ክህደን ምጽንሑ ይንገር።

** ** **

[redacted]

## እንታይ ከ ይሕመ ኣሎ?

= ማን ዩናይትድ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክለብ ፊዮረንቲና ያን ኳርዳዶ ተጣይቕ ኣላ። እቲ ወዲ 26 ዓመት ኮሎምብያዊ፡ 29 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ይርከብ። ኣቓልቦ ብዙሓት ክለባት ስሒቡ ዝርከብ እቲ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ፡ ዋጋኡ ካብዚ ንላዕሊ ክድይብ ከምዝኽእል ደይሊ ኤስፕረስ ትገልጽ።

** ** **

= እንግሊዛዊ ሓላዊ ልዳት ፍራስተር ፎስተር፡ ካብ ሰልቲክ ወጺኡ ናብ ሳውዝሃምፕተን ክግዕዝ ከምዝኽእል ደይሊ ሚረር ትሕብር። ብመሰረት እቲ ምንጪ፡ ሰልቲክ ብሌጅ ዋርሳው 4ብ1 ብምርትዓ እዩ ኑቲ ሓላዊ ልዳት ናብ ካልእ ክለብ ክተሲጋግሮ ወሲና። እቲ ተጻዋታይ 8 ሚልዮን ፓውንድ ከውጽእ ከምዝኽእል ይንገር።

** ** **

= ኣርሰናል ንተኸላኻሊ ክለብ ሊቨርፑል ዳኒኤል ኣገር ክትገዝእ ምድላዋት ተኳይድ ምህላዋ ተሓቢሩ። ብመሰረት ደይሊ መይል፡ እቲ ወዲ 29 ዓመት ተጻዋታይ 'ብገነኣሸቱ' ክለባት ይህደን ኣሎ።

** ** **

= ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ እትርከብ ኣል ጀዚራ ዝተባህለት ክለብ ንተጻዋታይ ኤሲ ሚላን - ሮቢኖ ክትገዝእ ባህጊ ምሕዳራ ስፖርት 360 ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ሓቢራ። እቲ ተጻዋታይ ማን ሲቲ ዝነበረ ኣጥቃዒ፡ ወዲ 30 ዓመት እዩ። ዕድመ ምስ ምድፍኡ ድማ እኹል መሃያ እንተተገይሩሉ ኑቲ ጸውዒት ክቕበል ከምዝኽእል ይግመት። እታ ዓረባዊት ክለብ ግን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝኾነ ወግዓዊ ምላሽ ኣይሃበትን።

** ** **

= ትማሊ ንሕትመት ዝበቕዐት ጋዜጣ ደይሊ ሚረር፡ ባርሴሎና፡ ንሉዊስ ስዋረዝ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም 2014 ምጥያቓ ጭብጢ ኣለኒ ክትብል ኣብ ዓምድታታ ኣስፊራ። እታ ጋዜጣ፡ ብዙሓት ሰባት ሉዊስ ስዋረዝ ንኪሊኒ ምስ ነኸሰ ናብ ባርሴሎና ክሰጋገር ከምዝኽኣለ ይግለጹ። እንተኾነ፡ ባርሴሎና ብብቕዓት እቱ ተወላዲ ኡራጓይ ካብ ነዊሕ ከምዝተመሰጠትን ቅድሚ እቲ ዓቢ ውድድር ምጅማሩ ድማ ምስ ሊቨርፑል ዝርርብ ምኳያዳን ኣነጺራ።

** ** **

= ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ብደገፍቲ ማን ዩናይትድ ዝተሸደደ ቶም ክለቨርለይ፡ ብቕዓቱ ኣመሓይሹ ክቕርብ መዲቡ ምህላው ዘ ሳን ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ። እቲ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ባን ሃል ቀዋሚ ቦታ ክረክብ ይጽዕት ምህላው እቲ ምንጪ ወሲኹ የረድእ።

** ** **

### መጸኢ ቨርማለን

ተኸላኻሊ ክለብ ኣርሰናል - ቶማስ ቨርማለን ብኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ሉዊስ ባን ሃል ይድለ ምህላው ደይሊ መይል ሓቢራ። ናብ ከተማ ማንቸስተር ተጻወትቲ ናይ ምሻጥ 'ኣመል' ዘለዎ ኣርሰን ቨንገር፡ ሕጂ እውን ማን ዩናይትድ እኹል መጠን ገንዘብ እንተደአ ቀሪባ ኑቲ ተኸላኻሊ ካብ ምሻጥ ድሕር ከምዝይብል ምእማቱ እቲ ምንጪ ይውስኽ። ከም ሮቢን ባን ፐርሲ፡ ሳሚር ናስሪ፡ ኢማኑኤል ኣደባዮር ዝኣመሰሉ ወናማት ተጻወትቲ ኣርሰናል ናብ ከተማ ማንቸስተር ናብ ዝርከባ ሲቲን ዩናይትድን ምቕንያም ይዝከር። በዚ ድማ እታ ክለብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ካብታ ከተማ ጥራይ 96 ሚልዮን ፓውንድ እቶት ምርካብ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ዘመን ኣርሰን ቨንገር፦

ኣደባዮር ኣብ 2006 ብ7 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሞናኮ ተገዚኡ። ኣብ 2009 ድማ ብ25 ሚልዮን ናብ ሲቲ ተሰጊጊሩ። ክሊቺ ኣብ 2003 እዩ ካብ ካንስ ብ250,000 ፓውንድ እግሩ ኣብ ሃይበሪ ኣንቢሩ። ኣብ 2011 ኸኣ ብናጻ ናይ ምስግጋር ምስርሕ (ኣብቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ግን 7 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ከምዝተገብረ ይግለጽ እዩ) ናብ ሲቲ ተሰጊጊሩ። ኣርሰን ቨንገር፡ ኣብ 2004 ንባን ፐርሲ ክገዝእ ዘውጽአ መጠን ገንዘብ 2.75 ሚልዮን ፓውንድ ነበረ። ኣብ 2012 ድማ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ብ24 ሚልዮን ኣፋንይዎ። ኣብ 2007 ብ16 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኣገዚረ ናብ ኣርሰናል ዝተሰጋገረ ባካሪ ሳኛ፡ ብናጻ ናይ ምስግጋር መስርሕ ናብ ሲቲ ተጸንቢሩ። ሰሚር ናስሪ ኣብ 2008 ብ15.8 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ማርሴ ናብ ለንደን ተሰጊጊሩ። ኣብ 2011 ድማ ብ24 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሲቲ ማዒዙ። ኮሎ ቱረ ኣብ 2002 ካብ ኣቢጃን ብ150,000 ፓውንድ እግሩ ኣብ እንግሊዝ ኣንቢሩ። ኣብ 2009 ድማ ብ16 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሲቲ ተሰጊጊሩ።

## ነይማር ልምምድ ጀሚሩ

ኣጥቃዒ ባርሴሎና - ነይማር፡ ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ መጉዳእቲ ናብ ልምምድ ምምላሱ ተሓቢሩ። እቲ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ፡ ሃገራዊት ጋንታኡ ብራዚል ምስ ኮሎምብያ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2014 ኣብ እተካይደሉ ዝነበረት እዋን እዩ ኣብ ሕቖኡ እቲ ማህሰይቲ ገጢምዎ። በዚ ድማ እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ክትሰእኖ እንከላ፡ ክለቡ ባርሳ ድማ ንሓያለ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ከይርሕቕ ሰጊኣ ነይራ። ትማሊ ግን ነይማር፡ ኣብ ጎድኒ መሰ ኮይኑ ንዝበዝሐ ልምምድ ናይታ ክለብ ምኳያዱ ማዕከናት ዜና እስጳኛ ሓቢረን። ነይማር ኣበየናይ መዓልቲ ጸወታ ከምዝካይድ ብንጹር እኳ እንተዘይተሓበረ፡ እታ ኣብ ኢድ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ሉዊስ ኤንሪከ ዝወደቐት ካታሎናዊት ክለብ ግን ኣብ ፈለምቲ ጸወታታት ናይ ላሊጋ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ልዑል ምኳኑ ካብ ምሕባር ዓዲ ኣይወዓለትን።


ንልቢ ብራዚላውያን ዝሰበረት መጉዳእቲ ነይማር።

## ጃክ ሮድዌል ናብ ሳንደርላንድ ተሸይጡ



ሳንደርላንድ ንኣከፋፋሊ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ጃክ ሮድዌል ንሓሙሽተ ዓመታት ምፍራማ ኣፍሊጣ።

እቲ እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ወዲ 23 ዓመት ኮይኑ፡ ዛጊት ናብታ ክለብ ዝተሰጋገረሉ መጠን ገንዘብ ብወግዒ ኣይተፈልጠን። ሓደ ሓደ ማዕከናት ዜና ግን እቲ ተጻዋታይ ብ10 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሳንደርላንድ ከምዝተሰጋገረ ይገልጻ። ኣብ ማን ሲቲ ስሩዕ ጸወታ ዝሰኣነ ሮድዌል፡ ኣብ ሳንደርላንድ ብቐዋምነት ክስለፍ ከምዝጽዕር የረድእ።

ሮድዌል፡ ኣብ 2012 እዩ ካብ ኤቨርተን ናብ ሲቲ ተሰጊጊሩ። ኣብ እዋኑ ድማ፡ ንምስግጋሩ 12 ሚልዮን ፓውንድ ወጺኡ። እንተኾነ ኣብ ማንቸስተር ኣብ ዝጸንሓለን እዋናት 26 ግዜ ጥራይ እዩ ተጻዊቱ - ክልተ ግዜ ድማ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ኣብ ማንቸስተር ሲቲ ከምቲ ዝድለ ክድምዕ ዘይከኣለ ሮድዌል፡ ብተደጋጋሚ ብምጭብባጥ ጭዋዳ ካብ ጸወታ ክቦኩር ምግዳዱ ይፍለጥ። እዚን ካልእን ድማ ኑቲ ተጻዋታይ ቦታ ከስእኖ ካብ ዝኸኣለ ነጥቢ እዩ።

ሮድዌል፡ ፈላሚ ናይ ፕሮፈሽናል ጸወታኡ ኣብ ታሕሳስ 2007 ክለቡ ኤቨርተን ኣንጻር ኣልክማር ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን 16 ዓመትን 284 መዓልታትን ዝነበረ ሮድዌል፡ እቲ ፈላሚ ንኡስ ተጻዋታይ ንኤቨርተን ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኻት ዝወከለ ኮይኑ ቀሪቡ ነይሩ። 85 ጸወታታት ምስ ኤቨርተን ኣብ ዘካየደሉ እዋን ድማ ኣርባዕተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ ነሓሰ 2012 ናብ ሲቲ ድሕሪ ምስግጋሩ ኸኣ 16 ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ጸወታታት ጥራይ እዩ ከካይድ ክኢሉ።

ኣብ 2011፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንእስጳኛ 1ብ0 ኣብ ዝረትዐትሉ ግጥም ኣህጉራዊ ጸወታኡ ዝጀመረ እቲ ተጻዋታይ ኤቨርተን ነበር፡ ኣንጻር ሽወደንን ብራዚልን እውን ናይ ምስላፍ ዕድል ረኺቡ ነይሩ።

## ፐፐ ሬና ናብ ባየር ሙኒክ ኾይሉ

ዓባይ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ንሓላዊ ልዳት ሊቨርፑል ፐፐ ሬና ክተፈርም ኣብ ስምምዕ ምብጽሓ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እታ ሻምፕዮን ክለባት ጀርመን ዝኾነት ጋንታ ኑቲ ተጻዋታይ ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ከምዝተኻየደትሉ ብምጥቃስ ትማሊ ኣማስያኡ ድማ ውልቃዊ ስምምዓት ከተካይድ ምምዳባ ኣፍሊጣ። እቲ ወዲ 31 ዓመት እስጳኛዊ፡ ብኣሰልጣኒ ሊቨርፑል በርናንድ ሮጀርስ ተመራጺ ክኸውን ኣይከኣለን። ሊቨርፑል ሲሞን ሚኞሌት ምስ ምፍራማ ከምኡ እውን ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ ናፖሊ ብመልክዕ ልቓሕ ምስ ምስግጋሩን ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከምዝተገደደ እቲ ምንጪ ወሲኹ የረድእ።

ካብ 2005 ጀሚሩ በጃ ኢድ ክለብ ሊቨርፑል ክወዲ ዝጀመረ ሬና፡ 394 ጸወታታት ኣካይዱ። ኣብ ሸሞንተ ዓመታት ስፖርት ድማ ቀዳማይ ተመራጺ ሓላዊ ልዳት ሊቨርፑል ነይሩ። ኣብቲ እዋን ካብ ዘካየዶም ጸወታታት ድማ ኣብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ 2007 ምስላፉ ጎሊሑ ይረአ።

ሓደ ሓደ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ፡ ሬና ናብ ባየር ሙኒክ ክኸይድ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከምዝጸርብሓ የረድኡ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ኣብታ ክለብ ከም ሓወልቲ ጸንዑን ቦታኡ ከድፍር ዘይክእል ማኑኤል ኑዌር ብምህላው እዩ። ካብ ባየር ሙኒክ ሓሊፉ ምስ ጀርመን ዋንጫ ዓለም ክልዕል ዝኸኣለ ሓላዊ ልዳት ኑዌር፡ ብሓለፍቲ ክለቡ ቦታኡ ከምዘይንቕነቕ ይንገረሉ።

ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ነበር ራፋኤል በኒተዝ ጸቡቕ ናይ ጸወታ እዋን ኣብ ናፖሊ ዘሕለፈ ሬና፡ ናብታ ኢጣልያዊት ክለብ ብቐዋምነት ክሰጋገር ባህጊ ነይርዎ። እንተኾነ ናፖሊ ኑቲ ሊቨርፑል ዝቐረበቶ ናይ 3.95 ሚልዮን ፓውንድ ተመን ናይቲ ተጻዋታይ ክትቕበሎ ብዘይምኽኣላ ናብ ጀርመን ክግዕዝ ከምዝተወሰነ ይሕብር።

** ** **



ተስፋ-ኣለም የማነ

# ኣፍጋኒስታን፡ ናይ ኣመሪካ ጀነራል ተቐቲሉ



ኣብ ኣፍጋኒስታን ኣብ ምምልማል ሓያሰቲ ኣባላት ሰራዊት'ታ ሃገር ክሰርሕ ዝጸንሐ ሓደ ናይ ኣመሪካ ጀነራል ብጥይት ተቐቲሉ።

ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ፡ እቲ ሜጀር ጀነራል ሃሮልድ ግሪን ዝተባህለ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ከተማ ካቡል ተደኲኑ ኣብ ዝርከብ መሰልጠኒ መዓስከር እንክሎ'ዩ ብሓደ ኣባል ዝነበረ ኣፍጋናዊ ወተሃደር ተቐንጺሉ። በዚ ድማ ድሕሪ ምዝዛም ውግእ ቬትናም ኣብ ዘይዓደም ካብ ዝተቐትሉ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣመሪካ እቲ ዝለዓለ በዓል-ስልጣን ከምዝኾነ ይግለጽ ኣሎ። እቲ መንነቱ ክግለጽ ዘይተደልየ ኣፍጋናዊ ወተሃደር ነቲ ጀነራል ኣብ ቀረባ ርሕቀት ኮይኑ ብብሬን ተኩሱ ድሕሪ ምቕታሉ ብኡ ንብኡ ከምዝተቐትለ'ዩ ዝሕበር። እንተኾነ ቅድሚ ምቕታሉ፡ ሓደ ጀርመናዊ ብሪጌደር ጀነራልን ሓደ ኣፍጋናዊ ኮሎኔልን ንዝርከብዎም ሓያለ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ከምዝቘሰለ'ዩ ዝነገረሉ ዘሎ።

ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ.ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን) ኣድሚራል ጆን ከርቢ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ኣብቲ ዝተኻየደ ዘሕዝን መጥቃዕቲ ሜጀር ጀነራል ግሪን ከምዝተቐትለ ከረጋግጽ ክኢልና ኣለና።” ክብል ተኣሚኑ። መራሒ ኣፍጋኒስታን ሓሚድ ካርዛይ ድማ፡ እቲ መጥቃዕቲ ብቐንዱ ሰራዊት ኣፍጋኒስታን ርእሱ ክኢሉ ጸጥታን ልኡላውነትን ሃገሩ ከውሕስ ዘኽእሎ ዓቕሚ ንኸይድልብ ተባሂሉ ብጦለባን ዝተኻየደ ምዃኑ ወቒሱን ኮኒኑን።

ቅትለት ሜጀር ጀነራል ግሪን ድሕሪ ሌተናል ጀነራል ቲሞቲ ጆሴፍ መውደ ኣብ መስከረም 2001 ምቕታሉ ንፔንታጎን እቲ ዝዓበየ ናይ መኮንናት ክሳራ ኮይኑዎ ኣሎ። ሌተናል ጀነራል ቲሞቲ ጆሴፍ መውደ፡ በታ ብ11 መስከረም ብኣሸበርቲ ድሕሪ ምጭዋያ ምስ ህንጻ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን ተጋጭያ ዝተሓምሸሸት ነፋሪት ከምዝተቐትለ'ዩ ዝፍለጥ።

# ሱዑዲ-ዓረብ ሓደ ቢልዮን ዶላር ንሊባኖስ መጥያታ



ጸጥታውን ፖለቲካውን ኩነታት ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ተኣፋፊ ደረጃኡ እናንቀልቀለ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሱዑዲ-ዓረብ ነታ ኣብ ዶብ ሶርያ ኣንጻር ኣኽረርቲ እስላማውያን ዕጡቓት ኩናት ኣዊጃ ዘላ ሊባኖስ ንምሕጋዝ ሓደ ቢልዮን ዶላር ከምዝለገሰትላ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ነበር ሳዓድ ሓሪሪ ገሊጹ።

ብመሰረት ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፡ ሳዓድ ሓሪሪ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ጂዳ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገሩ ካብ ገበጣ ናይ'ቶም ንሓያል ከባቢታት ሶርያን ዒራቕን ተቘጻጺሮም ዘለዉ ኣኽረርቲ እስላማውያን ዕጡቓት ጉጅለታት ኑብሳ መታን ክትከላኸል ተባሂሉ እቲ ሓገዝ ብትእዛዝ ንጉስ ዓብዱላህ ከምዝተመጠወ ኣረዲኡ።

ሊባኖስ ኣብቲ ምስ ሶርያ ዝዳወብ ከባቢ ኣንጻር'ቶም ዕጡቓት ውግእ ከፊታ ኣብ ዘላትሉ እዋን እቲ ሓገዝ ይምጠወላ ብምህላዉ ድማ ኣገዳሲ ኣገዳሲ ምዃኑ ወሲኹ ገሊጹ። ሊባኖስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ'ውን ካብታ ሃገር ኣብ ወተሃደራዊ መዓላ ዝውዕል 3 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክወሃባ ቃል ተኣትዩላ ነሩ'ዩ። በዚ መሰረት ፈረንሳ ንሊባኖስ ዋጋ ናይ 3 ቢልዮን ዶላር ዘመናዊ ኣጽዋር ክተዕጥቓ ሕቶ ቀሪቡላ ኣሎ። ኩሉ ወጻኢታት ድማ ሱዑዲ-ዓረብ ክትከፍሎ ተሰማሚዓ ኣላ። ዝጠዝሐ እቶታ ካብ ሰደድ ነዳዲ ዝምንጩ ምዃኑ ዝነገረላ ሱዑዲ-ዓረብ፡ ኣብቲ ዞባ ንጽልዋ ናይ'ታ መቐናቕንታ ዝኾነት ኢራን ኣዳኺማ ጽልዋኣ ከተሐይል ክትብል ንከም ሊባኖስን ግብጺን ዝኣመሰላ ሓያለ ሃገራት'ቲ ዞባ ናይ ቢልዮናት ዶላር ሓገዝ ክትምጥወለን ትግደድ ምህላዋ'ዩ'ም ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ከባቢ ዘመልክቱ።

ኣሽታት ሓደ ሚልዮን ስደተኛታት ኣብ መሬታ ኣዕቚባ ምህላዋ ዝነገረላ ሊባኖስ፡ ሰራዊታ ካብ ዝሓለፈ ቀዳም ጀሚሩ ኣብቲ ምስ ሶርያ ዝዳወብ ከባቢ ኣንጻር እስላማውያን ዕጡቓት ሶርያ ኩናት ከፊቱ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር። በቲ ጸጸኒሑ ይቕጽል ምህላዉ ዝግለጽ ዘሎ ግጭት፡ ዛጊት 17 ወተሃደራት ሊባኖስ ተቐቲሎም ከምዘለዉን ካልኦት 22 ወተሃደራት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከምዘሎን ይግለጽ። ካልኦት 85 ወተሃደራት ብኸቢድን ፈኲስን ቆሲሎም ምህላዎም ይግለጽ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ 20 ኣባላት ፖሊስ ሊባኖስ ቡቶም ዕጡቓት ክግረኹ ክኢሎም ከምዘለዉ እቲ ዜናዊ ጸብጻብ ወሲኹ ይጠቅስ።

# ፈረንሳ፡ ዕጹ-ፋርስ ዝሰረቐ ኣዛዚ ፖሊስ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ

ፖሊስ ፈረንሳ፡ ንሓደ ልዕሊ 50 ኪሎ-ግራም ዝምዝን ዕጹ-ፋርስ ከምዝሰረቐ ንዝጠርጠሮ ኣዛዚ ፖሊስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘውዓሎ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ኣብ ናይ ትማሊ ዜናዊ ጸብጻቡ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ እቲ ልዕሊ 2.7 ሚልዮን ኤውሮ ከውጽእ ዝኽእል ዝነበረ 'ኮኬይን' ዝዓይነቱ ዕጹ-ፋርስ ብኮንትሮባንዳኩሓልፍእንክሎዝተታሕዘ ኮይኑ፡ ኣብቲ ኣብ ፓሪስ ዝርከብ ዋና ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ፈረንሳ'ዩ ተዓቂቡ ጸኒሑ። እንተኾነ ቅድሚ ገለ ሰሙናት ካብ ቦታኡ ተሳዒሉ ምስ ጸንሐ፡ ሰራቒኡ መን ምዃኑ ንምፍላጥ ፖሊስ ኣብ ኣፍ-ደገ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ተተኺላ ንእትርከብ ካሜራ ክወከስ ተገዲዱ። ኮይኑ ድማ ሓደ ሰብ ክልተ ሳንጣ ሒዙ ናብቲ ህንጻ ክኣቱን ክወጽእን እንከሎ ተዓዚቡ። ነቲ ስእሊ ደጋጊሙ ድሕሪ ምዕዛብ ከኣ፡ እቲ ሰብ ኣብኡ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ዝሰርሕ ላዕለዋይ ኣዛዚ ፖሊስ ምዃኑ ክለልዮ ክኢሉ። ብኡ ንብኡ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣቱ ገይሮ።

ሽዚ ኣመልኪቱ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር በርናርድ ካዘነውቭ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ተግባር ኣዝዩ ዘሕንኽን ሸለል ተባሂሉ ክሕለፍ ዘይክእልን ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ወዲ 34 ዓመት ኣዛዚ ፖሊስ በቲ ተግባር ገበኛ ኮይኑ እንተተረኺቡ ተሪር ስጉምቲ ክወሰዶ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።



# ናይጀርያ፡ ንምጽራዩ 30 ዓመት ዝወስድ ከቢድ ብከላ ነዳዲ



ኣብ ናይጀርያ፡ ኣብ ዞባ ኦጎኒላንድ ብዝርሻንዳዊ ኩባንያ ነዳዲ ሸል ተፈጺሙ ዘሎ ከቢድ ብከላ ነዳዲ ዘይቲ ንምንጻሁ 30 ዓመታት ክወስድ ከምዝኽእል ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ክፍየድ ዝጸንሐ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት'ቲ ሰለስተ ዓመት ግዜ ዝወሰደ መጽናዕቲ፡ መንግስቲ ናይጀርያ ይኹን ኩባንያ ነዳዲ ሸል ነቲ ኣብ ክርቲ ናይ'ቲ ዞባ ከቢድ ጥዕናዊ፡ ቁጠባዊን ማሕበራውን ጸገማት ፈጢሩ ከምዝርከብ ዝነገረሉ ዘሎ ብከላ ንምጽራይ ዝወሰድዎ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ብዘይምህላዉ፡ እቲ ጸገም ክሳብ ዝመጽእ 2045 ክይተቐንጠጠ ክቕጽል ከምዝኽእል ኣረዲኡ። ኣብቲ ዞባ ንሓያለ ዓመታት ካብ መስመራት ሻምብቆ ነዳዲ ኪጋጥም ብዝጸንሐ ላሕኩ ነዳዲ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬትን ምንጪ ማያትን ተበኪሉ ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ መጽናዕቲ፡ ብሰንኩ ብኣማኢት ኣሸሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ተቓሊዖም ከምዘለዉ ኣመልኪቱ። ብፍላይ ዝጠዝሑ ህዝቢ ዝስትይዎም ምንጪ ማያት 'ካርሲኖጀን' ብዝተባህለ መንሽሮ ዘስዕብ ቀመማዊ ባእታ ተበኪሎም ከምዘለዉ፡ መጠን ናይ'ቲ ብከላ ድማ ካብቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ሓደገኛ ዝበሎ መጠን ብልዕሊ 900 ዝተዓጸፈ ምዃኑ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ ይጠቅስ።

ኣብ ዞባ ኦጎኒላንድ ዞኮይዶ ዝበረ ንጥፈታት ዕደና ነዳዲ ኣብ 1993 ደው ኪብሎ ከምዝተገደደ ዝነገረሉ ኩባንያ ዕደና ነዳዲ ሮያል ዳች ሸል፡ ዕጡቓት ናይጀርያ ተቓውሞኦም ንምግላጽን ነዳዲ ንምዝማትን ክብሉ ኣብ መስመር ሻምብቆታት ብሰንኪ ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ቀጻሊ መጥቃዕቲታት እቲ ላሕኩን ብከላን ናይ ነዳዲ ክኸሰት ከምዝኻኣለ፡ በዚ ከኣ መንግስቲ ናይጀርያን ዕጡቓት ተቓወምቱን ምሉእ ሓላፍነት ናይ'ቲ ሳዕቤን ክስከሙ ከምዘለዎም'ዩ ዝምጉት። ብኣንጻሩ ድማ መንግስቲ ናይጀርያ፡ እቲ ኩባንያ ኣብ ኣሰራርሓ ናይ'ቲ ዞኮይዶ ዝበረ ንጥፈታት ዕደና ርኢይ ሸለልተኛት ከምዝነበሮ ብምጥቃሱ፡ ሸለልተኛቱ ጠንቂ ናይ'ቲ ድሒሩ ዝተፈጥረ ከቢድ ከባብያዊ ብከላ ክኸውን ከምዝኻኣለ ይኸስሱ።

ኣብዚ እዋን ብውሽጣዊ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ እትሕመስ ዘላ ናይጀርያ፡ ሓንቲ ካብ ኣባላት ማሕበር ለኣኽቲ ነዳዲ ኦፔክ ክትከውን እንከላ፡ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ድማ እታ ዝዓበየ መጠን ምህርቲ ነዳዲ እተፍሪ ቀዳመይቲ ሃገር'ያ።